ብዙሓት ነበብቲ ነጸብራቕ ኤርትራ፣ ንኣብ ሕታም ቁጽሪ 43 ዝቐረበ ኣገዳሲ ቃለ-መጠይቓት፣ ዝሰፍሐ ኣንበብቲ መታን ክረክብ፣ ኣብ ኢንተርነት ክነውጽኦ ሓቲቶሙና። ንሕቶኦም ኣብ ምምላስ ብክልተ ነጥብታት ንርእዮ፣ ቀዳማይ- እዚ ኣገባብዚ (ነጸብራቕ ኤርትራ ዝካየደቶ ቃለ-መጠይቕ ኣብ ኢንተርነት ምውጻእ) ነቶም ዓመታዊ ክፍሊት ናይ መጽሄት ከፊሎም ከንብቡ ዘይደልዩ መተባብዒ ክኸውን ዝኽእል ኢዩ። እቲ ካልኣይ ድማ፣ ነቶም ንነጸብራቕ ኤርትራ ዘይፈልጡ ብሓፈሽኡ መላለዪን፣ ነቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኮይኖም ካብ ኢንተርነት ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝከታተሉ ዕድል ምሃብ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ካብ ዝብል እምነት ናብ ኢንተርነት ንልእኮ ኣለና። እንተኾነ፣ ኩሉ ጊዜ፣ ከም ነጸብራቕ ኤርትራ ዝኣመሰላ መጽሄታት ክዓብያ፣ ናይ ኩሉ ግዱስ ኤርትራዊ እጃም ምኻኑ ደጊምን ከነዘኻኽር ንፈቱ።

# ዕዙዝ ዘተ ምስ
# ዶክ. ብርሃን መሓመድን ዶክ. ዑቕባዝጊ ዮውሃንስን

**<u>ነጸብራቕ ኤርትራ (ነ.ኤ)፣</u>** ናይ ኣመራርሓን ናይ ዘይምትእምማንን (ህዝቢ ምስ ህዝቢ፣ ህዝብን ውድባትን) ጸገማት ኤርትራ፣ ብኸመይ ክፍታሕ ይከኣል?

**<u>ዶክ. ብርሃን፣-</u>** ኣብ ዝሓለፍናዮ ተመኩሮ ብሰንኪ ዘይቁኑዕ ኣመራርሓ፣ ገለ ኣሉታት ኣመዝጊብና ኢና። ሓደ ካብቲ ኣሉታታት ከኣ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ ኣሕዲሩ ኣሎ። ባዕልና ዘጥፋእናዮ ባዕልና ክንመልሶ ግዴታና ምዃኑ ክንኣምን ይግባኣና።

ሕጂ እቲ ሕቶ ከመይ ኣቢልካ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ እምነት ተሕድር ኢዩ። ነዚ ንምምላስ፣ እቶም እምነታት ከመይ ኢሎም እዮም ጠፊኦም ከምዝጸንሑ ክንፈልጥ እግባኣና። ግብራዊ መልስታት ናይ'ዚ ድማ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ክመጹ ይግባእ። ብወገነይ፣ ኣብ ውሽጥና ሓዱሽ መንፈስ ኣስፊንና፣ ሓዱሽ ኣሰራርሓን ኣተሓሳስባን ከነታኣታቱን፣ ቅድም ነዚ ሕቶ'ዚ ዝብድህ መድርኽ ክንከፍት ይሓይሽ እብል። እዚ ድማ ምስቲ ሓዱሽ ወለዶ ክንራኸበሉን፣ ሓሳብ ንሓስብ ክንዋሃሃበሉን ዘኽእለና መስርሕ ምኽፋት ማለት ኢዩ። ድሕሪ'ዚ፣ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ዘሳጋግሮ ኣገባብን መንፈስን ክኸፍት'ዩ። እምበኣርከስ፣ ነዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ምምላስ ኣብ ዝግበር ናይ ሓባር ቃልሲ፣ ሕቶ ምትእምማን ክንምልስ ክንበቅዕ ኢና።

ህልዊ ኩነታትና ከስተብህለሉ ከለኹ፣ ከምቲ ምስላ ናይ ዓድና "ክሰርቕ ዝረኣዩዎስ ክህብ ኣይኣምንዎን" ዝብል ኮይኑ ይረኽቦ። ፖለቲካውያን መራሕትና፣ ብህዝቢ በዚ ዓይኒ እዚ ኣዮም ዝራኣዩ ዘለዉ። ህዝቢ ኣብ መራሕቱ ብዙሕ እምነት ሲኢኑ። እቶም መራሕቲ ነዚ ክሳብ ሕጂ ተረዲኦም፣ ኣገባብ ኣመራርሓም ክእርሙ ኣይከኣሉን። ኣብ መንጎ መራሕትን ህዝብን እምነት ምስዝጎድል፣ እቲ ሓደ ፈውሱ ኣብ ኣመራርሓ ኣገዳሲ መጽናዕቲ ምክያድ ኢዩ። ስለዚ ብሕጽር ዝበለ ኣብ'ቲ መሪሕነት ሓዱሽ ገጽ፣ ሓዱሽ ስም፣ ብሓዱሽ መልክዕን ብቕሉዕ መንገዲ ዝሰርሕ ኣካል ምትካኡ ኢዩ። ናብዚ ዕ ማምዚ ንምእታው፣ ነቲ ጠፊኡ ዘሎ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ ተሓድሶኣዊ ሃዋሁው ምድላው ኢዩ። እዚ መንገዲዚ፣ ነቲ ክንከዶ ዘለና ናይ ህንጻት ጉዕዞ ሓዱሽ ፍናን ሂቡ ንቕድሚት ከወንጭፈና

ክኽእል ኢዩ።

**<u>ዶክ. ዑቕባዝጊ</u>፣-** ኣነ ዝሓስቦ ዝነበርኩ ሓሳባት፣ ዶክ. ብርሃን ዘርዚሩ ኣቕሪብወን ኢዩ፣ ግን ገለ ክውስኽ። ናይ ዶክ. ብርሃን ዕድመ'ኳ ኣይፈለጥክዎን ኣለኹ፣ ዕ ድመይ ግን ምስ ናይ በዓል ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝገማገም ኢዩ። እዚ ክብል ከለኹ፣ እቲ ናትና ዕድመ ኣብ ታሪኽ ክፍጽሞ ዝግባእ ሓላፍነት ነይሩ እንተዳኣ ኮይኑ ፈጺምዎ'ዩ። ሕጂ ናትና ተራ፣ ነቲ ዝተፈጸመ ታሪኽ፣ ናብ'ዚ ሓዱሽ ወለዶ ከመይ ጌርካ ነመሓላልፎ ኢዩ።

ሕቶ ምትእምማን ክፍታሕ ዝኽእል፣ ሓዱሽ ባህሊ ናይ ኣሰራርሓ ብምፍጣር ጥራሕ ኢዩ። ንኣረጊት ደጊምካ ደጋጊምካ ብምኽላስ፣ ክረጋገጽ ዝኽእል ሕቶ ምትእምማን ኣይህሉን። ዕላማና፣ ህዝብናን ሃገርናን ምስ ምዕባለ ንቕድሚት ክደፍእ ንኽኽእል፣ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ናይ ምምራሕ ቦታ ክሕዝ (ክትክእ) ምስ ዝኽእል ኢዩ። ከም'ቲ ዶክ. ብርሃን ዝጠቐሶ፣ ህዝብና ክመቓቕል ዝኸኣለ ምኽንያት፣ በተን ነባራት

ውድባት፣ ጀብሃ ሻዕቢያ እናተባህለ ኢዩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ኣብ ህዝብና ዝረአ ዘሎ ምፍልላይ፣ እቲ ጀብሃ! ሻዕቢያ! ዝበሃል ዝወለዶ ፍልልይ ኢዩ። እቲ ንፍልልይ ሻዕቢያ-ጀብሃ ዝፈጥረ ነባር-መሪሕነት፣ ኣብ ህልኽ ኢዩ ዝነብር ዘሎ። ብህልኽ ዝፍታሕ ጉዳይ ከኣ የለን። ስለዚ እዚ ሓዱሽ ወለዶ፣ ሻዕብያ ጀብሃ ዝብሃል ፍልልይ ወጊዱ፣ ሓዱሽ ባህልን መንፈስን ከበጋግስ ኣለዎ። እቶም ኣገደስቲ ሕቶታት፣ ከምዚ ዝበለ ሃዋህው ንኽፍጠር እንታይን ከመይን ዝበለ ጎስጓስ ንግበር ኢዩ? ተመኩሮና ከመይ ጌርና ናብ'ዚ ብሓዱሽ መንፈስ ክመርሕ ዘለዎ ሓዱሽ ወለዶ ነማሓላልፎ? ዝብሉ እዮም።

<u>ዶክ. ብርሃን፡-</u> ብዕድመይ ካብ ናይ ዶ. ዑቕባዝጊ ይንእስ ኢየ። ተመኩሮይ ከኣ ካብ'ቲ ቃልሲ ኣብ ጀብሃን ካብቲ ዝጸንሐ ታሪኽን ኢዩ። ብወገነይ ምስቶም ዘለዉና መራሕቲ ዕድል ረኺበ ክዛረብ እንተዝኽእል፣ “ካብቲ መዝነት ግልል እንተትብሉሲ ናይ ምእራም ባይታ ምተፈጥረ” ምበልኩዎም። መንእሰይ ክመርሕን ክምኮርን ምቹእ ባይታን ዕ ድልን ኣይተዋህቦን። ስለዚ ክፍጠርን ክህነጽን ዕድል ተኸሊኡ ኢዩ ዘስምዕ። ነቲ ሓዱሽ መሪሕነት ክኸውን ኢዩ ኢልና እንጥምቶ፣ ባይታ ክንፈጥረሉ ዝግበኣና ንሕና (ወለዶና) ኢና። ካብኡ ተረፈ፣ ብናቱ ሸነኽ፣ ዕ ጽው ማዕጾ ኢዩ ዝሪኢ ዘሎ። ጠንቂ ናይ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምትእምማን፣ ጀብሃን ሻዕብያን ጥራሕ ኢዩ ኣይብሎን። ብዙሕ ካልእ ጸገማት ወሲኽና ኢና። እዚ ከኣ ናይ ሰራቒ ባይታ ብምፍጣርና ኢዩ። ሰራቒ ኣብ ውሽጥና ክዓብን ክሰፍሕን ክኢሉ። ምኽንያቱ፣ ንሕና እዚ ኣስላማይ እንድዩ! እዚ ክስታናይ እንድዩ! እዚ ሓማሴናይ ኢዩ! እዚ ኣኩለጉዛታይ! እዚ ሰረወታይ፣ እዚ ወዲ መታሕት! እዚ ወዲ ከበሳ! እዚ ትግረታይ! እዚ ጀበርቲ! ወዘተ... እናበልና ኣብ ርእሲ እቲ ዘሎ ጫካ ናይ ሰራቒ መሕብኢ ዝኸውን ኣግራብ ንውሰኽ። እዚ ምጉጅጃላት እዚ ነቶም ሰረቕቲ መሕብኢ ጫካ ኮይንዎም። ሓቅታት ከይወጽእ፣ ሓዱሽ መንፈስ ከይዓ ቢ ርግጥ ኣቢልና ዓጺናዮ። ሓቂ እንተጌርካ ወይ ሓቂ እንተተዛረብካ እቲ ሓሳዊ ከነውረካን ከጸልመካን ብቐሊሉ ይኽእል፣ ስለምንታይ ሰማዒ ባይታ ኣለዎ። ባይታ ሓቂ፣ ብባይታ ሰራቒ ተዓብሊሉ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፣ መንእሰይ ወለዶ ሓቂ ክረክብን ብሓቂ ክሰርሕን ኣይትጽበዮን።

መንእሰያትና ብሓዱሽ መንፈስ ናይ ምምራሕን ናይ ምትግባርን ዕማምን ንዓኣኣቶም ከምዝምልከት ምርግጋጽ'ዩ። ንሕና እዚ መንእሰይ ወለዶ'ዚ ምንጪታት ናይ ቅኑዕ ሓበሬታ ትካላት ነዓሉ። እምበኣርከስ፣ ምሁራትን ግዱሳትን ሓርበኛታትን ኤርትራውያን፣ ነዚ ግደ'ዚ ንምፍጻም እነሆ ኣብ ቅድሜና እቲ መድረኽ። ሓዱሽ ወለዶ ኤርትራዊ ከይዳናገርን ተስፋ ከይቆርጽን፣ ሓቅን ሓዱሽን መንፈስ ክብገስ ዘኽእሎ ባይታ ከምዘለዎ ምርኣዩን ምትብቡዑን ኣገዳሲ ኢዩ። ኣብ'ቲ መስርሕ ቃልሲ ቅኑዕ ክስራሕን ክትግበርን ከሎ ከኣ ብሓባር ኰይንና፣ ካብ'ቲ ዘለናዮ ከባቢ (ዓሌታዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ኣውራጃዊ) ወጺእና፣ ክንድግፎን ከነተባብዖን ክንክእል ኣለና። ኣነ ብወገነይ ከም ኣብነት ነዞም ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ስደት ዝርከቡ ኤርትራውያን ተማሃሮ ከቕረብ እፈቱ። እዞም ኤርትራውያን ተማሃሮ እዚኣቶም፣ ኣብቲ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሃለዋት፣ ሓዱሽ ደምን ሓዱሽ መንፈስን ከስርጹ ዝኽእሉ ስለዝኾኑ፣ ቀጻሊ ምትብባዕን ሓገዝን ክንገብረሎም ይግባእ። እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ተበግሶታት ከኣ፣ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ሓድሕድና ከታኣሳስረና ዝኽእል መንፈስን ኣብነትን ኢዩ ኢለ እኣምን።

<u>ዶክ. ዑቕባዝጊ፡-</u> ሓሳባተይ ምስ ናይ ዶክ. ብርሃንን ፍልልይ የብሉን። ንሕና ምስቲ ሓዱሽ ወለዶ እናተሓጋገዝና፣ ንቕድሚት ከሰጉመና ዝኽእል ቃልሲ ከመይ ጌርና ንጀምር? እቲ ባይታ ክፍጠር ንኽኽእል ንሕና ክንጅምሮን ብተግባር ከነርእዮን ኣለና። እቲ ሓዱሽ ወለዶ ብሓዱሽ መንፈስ ክመርሕ ንኽብገስ ከኣ ንሕና ክነላዓዕሉን ክንሕግዞን ምስ እንኽእል ኢዩ።

<u>ዶክ. ብርሃን፡-</u> እቲ ሓዱሽ ሃዋሁው ንሕና ኣጥፊእናዮ፣ ሕጂ እቲ ሓዱሽ ሃዋሁው ናይ ምፍጣር ግደ ኣባና ይኹን ኢየ ዝብል ዘለኹ።

<u>ዶክ. ዑቕባዝጊ፡-</u> ተረዲኣካ ኣለኹ። ግን ኩነታትና ከምዚ ትርእዮ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ኣባና ክንብል ከለናስ፣ ንሕና በዓል መን ኢና? ዝብል ሕቶ ክንምልስ ይግባኣና። ከምቲ ባዕልኻ (ዶክ.ብርሃን) ዝገልጽካዮ፣ ንሕና ኢና ንዲሞክራሲ ነንቀሳቕስ ዘለና! ንሕና ኢና ንሓቂ ንውክል! እናበሉ፣ በብወገኖም ይለዓሉን ይንቀሳቐሱን ኣለዉ። እዞም ኣካላት እዚኣቶም ግን ካብ'ቲ ናይ ቅድም ዝነበረ መሪሕነት፣ ዝተፈልየ ሓሳብ ኣይርእየሎምን። ተመኩሮኦም እውን ንሱ እቲ ናይ ቀደም ኢዩ። ሕጂ ንዕኡ ከመይ ጌርካ ወጊድካ ሓዱሽ መድረኽ ትጅምር? ከምኡ'ውን እቲ ሓዱሽ ወለዶ ከመይ ኣቢሉ ንቕድሚት ይመጽእ? ዝብል ሓሳብ ኣገዳሲ ኮይኑ እስማዓኒ። ንሕና ብድሕሪኡ ኮይንና ክንደፍእ እምበር፣ ቅድሚት ክንከውንሲ ኣይግባኣናን ኢዩ።

<u>ዶክ. ብርሃን፡-</u> እሰማማዕ። ካብ'ቲ ትብሎ ዘለኻ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ዝኸውን ዝውሰኸሉ ዘለኹ፣ እቲ ጸገም ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ዘይምትእምማን ካብ ኮነ፣ ፈጠርቱ'ውን ንሕናን እዚ ቅድሜና ዝነበረ ወለዶን

ካብ ኮነ፣ ንሕና ነቲ ሓሳቢ ወይ በደለኛ ተጋጊኻ ምስ እንበሎ፣ ነቲ ሓቀኛ ድማ ብድፍረት ጽቡቕ ኣለኻ ክንብሎ ከለና፣ ዝያዳ እወንታዊ ባይታ ክንፈጥር ንኽእል ኢየ ዝብል ዘለኹ። ንኣብነት ኣነ ነዞም ኣብ ከባብየይ ዘለዉ፣ ብሃይማኖት ወይ ካልእ ኣብ ሓድሕድና ምትእምማን ዘጉድል ስራሕ ክሰርሑ ክርእዮን ክሰምዖን ከለኹ፣ መጀመርታ ጠጠው ከብሎም ሓላፍነተይ ምዃኑ ክርዳእ ኣለኒ። ምኽንያቱ እዚ ከምዚ ዝበለ ፍልልይ ልክዕ ከም ዓሌታዊ ፍልልይ፣ ካንሰር ኢዩ። ሓንሳብ ማዕጾ ከፊትካ ምስ ትገድፎ፣ በቲ ማዕጾ ጀሚሩ መጨረስትኡ ናባኻ ኢዩ ዝመጽእ። ንኣብነት ናይ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ተግባራዊ ኣብነታት ክጠቕስ እፈቱ። ቀደም ጀብሃ....! እናበለ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ከም ከልቢ ኣብ ማዕጾ ኣሲሩ ብኣኦም ኣቢሉ ይነብር ነይሩ። ድሓር ናይ ጀብሃ ነገር ተወዲኡ። ኣበይ ይኺድ? ኣብ'ቶም ርሕቕ ዝበሉ ከባቢታት ነይሩ፣ ኣብ መወዳእትኡ ንዓባ ንተሓሳሰብ ምስ በልዎ፣ ነገር ፋሕ ኢሉ። ስለዚ እቲ ካንሰር ኣብ መንጎና ዘሎ ተገንዚብና ንዕኡ ንምጥፋእ ብሓባር ክንቃለስ ግደ ኣለና። እቲ ግዴና ከኣ፣ መተካእታ ኣብ ምፍጣርን ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ከምጽእ ዝኽእል መንገዲ ምጽናዕን፣ ጠርናፍን ኣተሓቛቛፍን ኣገባባት ኣብ ምኽታል ኣርኣያ ንኹን ማለተይ ኢዩ።

**ነ.ኤ.፥-** ቅድሚ ሕጂ ነዚ ናትና ኩነታት ዝመስል ተርእዮ ኣብ ኣፍሪቃ፣ ኣስያ ወይ ላቲን ኣሜሪካ ነይሩ'ዶ? ብከመ'ከ ፈቲሖሞ?

**ዶክ. ዑቕባዝጊ፥-** እዛ ሕቶ እዚኣ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ሓንጎለይ ከተናውጸኒ ዝጸንሐት ኢያ። ኣብ'ዚ መበል 20 ክፍለ-ዘመን እሞ ነዚ ዝሓለፈ 100 ዓመታት እንተሪኢናዮ፣ ብዙሓት ሰውራታት ምንቅስቓሳታትን ተላዒለን። ካብ'ቲ ሰውራ ናይ ራሻ (ሩስያ) ጀሚርካ ብዙሕ ሰውራታት ተራእዩን ተኻይዱን። በዚ መንገዲ'ዚ (ብብረታዊ ቃልሲ) ኣብ ስልጣን ዝበጽሐት ስልፊ ወይ ውድብ፣ ክሳብ ሕጂ ዲሞክራሲ ኣብ ሃገራ ዘታኣታተወት ወይ ዘዕቆበት ኣይፈልጥን። ብሓቂ ክንርእዮ እንተድኣ ኮይንና ከም ኒካራጓዋ፣ ኩባ፣ ቬትናም፣ ቻይና፣ ኣንጎላን ካልኦት ከምኣተን ዝኣመሰላን እንተራኣናየን፣ መወደእትኡ ዲክተተርሺፕ (ምልካዊ ስርዓት) ኣብ ምትካል ዝወዳእ እምበሪ፣ ስልጣን ሒዞም፣ ዲሞክራሲ ኣማዕቢሎም፣ ነቲ መድረኽ ጸሚቖም፣ ነቲ ሓዱሽ ወለዶ ዘማሓላለፉ ክሳብ ሕጂ ኣይፈልጥን። እንተድኣ፣ እቶም ኣብ ስልጣን ዝምጹ ንዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ደርቢዮም፣ ምስ ምንዋሕ ስልጣኖም ዝሰማማዕ ስነ-ሞጎት ይጅምሩ። "እቲ ሰውራ ንሕና መሪሕና ኢና ኣዕዊትናዮ፣ እዚ ሰውራ ንኽቕጽል'ውን ናትና ሓላፍነት'ዩ፣ እቲ ኣብ ሰውራ ዘይነበረ፣ ኣብ ስልጣን ክሳተፍ ይኹን ክዛረብ መሰል የብሉን" እናበሉ ነቲ ማዕጾ ናይ ምስታፍ ይዓጽውዎ። መወዳእትኡ እዚ ፖሊሲ'ዚ ቅልውላው ክፈጥር ግድን ኢዩ። ብሻንቡቆ ብረት ስልጣን ዝሓዙ፣ ንቅልውላው ሃገር ፈቲሖም ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝመስረቱ መራሕቲ ክሳብ ሕጂ ኣይፈልጥን። ሓደ ብቐረባ እንርእዮ ማንዴላ ኢዩ፣ ንሱ ከኣ ናቱ ፍልይ ዝበለ ውድዓዊ ኩነታት ኣለዎ። ዋላ ናይ ካምቦዲያ (ካምፖችያ) እንተርኢናዮ፣ ድሕሪ ክንደይ ናይ ደም ምፍሳስ ብናይ ወጻኢ ጸቕጢ ዝመጸ ኢዩ። ንሱ'ውን ክሳብ ሕጂ ኣብ ቀይቀይ ኢዩ ዝርከብ። ስለዚ ኣብ ናይ ኣፈታትሓ ሽግር ናይ ኤርትራ ካብ ናይ ካልኦት ተመኩሮታት ክንማሃረሉ ንኽእል ዘሎ ኣይመስለንን።

**ዶክ. ብርሃን፥-** ነቲ ዶክ. ዕቕባዝጊ ክብሎ ዝጸንሐ ሓሳብ ጽን ኢለ ክሰምዕ ጸኒሐ። እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ወይ እንታይ ዓይነት ተመኩሮ ከም መነጸር ጌርና ክንርእየሉ ንኽእል ኣሎ እናበልኩ ክሓስብ ጸኒሐ። ኣነ ኣብ ነጥቢ'ዚኣ ፍልይ ዝበለ ተመኩሮ ከቕርብ ክፍትን ኢየ። ብ1995-6 ሓዉ ንዶክ. በረኸት ሃብተስላሴ፣ (ሕጂ ስሙ ክዝክሮ ዘይክእል) ሽዑ ኣብ ሆላንድ ዝምህር ዝነበረ፣ ኣባል ናይ ኢራ/ERA (ሻዕቢያ) ኢዩ። እዚ ሰብ'ዚ፣ ንምንቅሳቓስ ምብራቓዊ ቲሞር፣ ካብ'ቲ ናይ ኤርትራ ተመኩሮን ኣከያይዳን ክማሃሩ ሓሳብ ኣቕሪቡ። ኣብ'ቲ ጊዜ'ቲ ኣነ ሕቶ (ብስልኪ) ኣቕሪቡሉ ነይረ። ሕቶይ ድማ ንሕና መሃርቲ ክንኮውን እንተኾይናስ፣ ቅድም ናትና ቤት ትምህርቲ ዘይነዕረ? ዝብል ነይሩ። ንሕና ንዓለም ተመኩሮና ክንምህር እንተኾይና፣ ቅድም ንገዛእ ርእስና ብህዝባውነትና ኣብነት ኮይንና ክነቀርብ ይግባእ። እቲ ቤት ትምህርቲ ናትና ኢዩ፣ እዚ ክኸውን ዝኽኣለ ሃገር ስለዘምጻእና ድዩ። ከም ህዝቢ ብሓደ ክንነብር ዘይምኽኣልናኸ ኣብቲ ትምህርቲ ከም ኣጀንዳ ኮይኑ ስለምንታይ ዘይቀርብ? ኮታስ ኣብቲ ጊዜቲ መራሕቲ ሻዕብያ እቲ ነጻነት ምምጻእ፣ ከም ናይ መወዳእታ ሽቶ ወሲዶም፣ ንስምዒት ናይ ህዝቢ መዝሚዞም ንሓዋሩ ኣብ ስልጣን ክነብሩ ዝወሰንሉ እዋን ኢዩ ነይሩ።

ምብራቓዊት ቲሞር ካብ'ቲ ናትና ተመክሮ ብዙሕ ተጠቒሞም እዮም። ምብራቓዊት ቲሞር ነጻ ምስ ኮነት ዝወሰድዎን ዝተኸተልዎን ምርጫታት፣ ካብቲ ናትና ዝበለጸ ብምዃኑ፣ ንሕና ክንማሃረሉ ዝግባኣና ተመኩሮ ኣሎ። ነዚ ሓሳብ መላሊሰ ክስተምቕሮ ከለኹ ከምዘለዎ ተመሊሱ ናባይ ይመጽእ። ምኽንያቱ ሻናና ጉስማው_(Shanana Gusmaw)_ናይ ምብራቓዊት ቲሞር መራሒ፣ መጀመርታ ናጽነት ምስ ወሰዱ ዝወሰድዎ ምርጫ ኢሳያስ ክመሃረሉ ዝግባእ ተመኩሮ ኢዩ ነይሩ። ሻናና ጉስማው ኣብ መንጎ ህዝቢ

ዝጸንሐ ሽግር ብዕርቂ ክፍታሕ፡ ህዝቢ'ውን ናቱ መራሒ ክመረጽ ዝሓሸ ኢዩ ኢሉ ንምትግባሩ ተዳልዩ። ንሸኻ ኢኻ ትመርሓና፡ ኣብ መሪሕነት ከኣ ክትጸንሕ ኣለካ ዝብል ጠለብ ካብ ህዝቡን ካብ ካልኦት ብዙሓት ሸነኻትን ስለዝመጾ፡ ከም መራሒ ሎሚ ንምብራቓዊት ቲሞር መንገዲ ምዕብልና ኣትሒዝዋ ይርከብ።

ሕጂ ንኩነታት ህዝቢ ምብራቓዊት ቲሞር እንተተመልኪትካ፡ ብቁጠባ ዓይኒ፡ ብናይ መነባሮ ሃለዋትን ኣብ ሓጺር እዋን ካባና ንላዕሊ ኣዝዮም ሰጕሞም ይርከቡ። ኣብ'ቲ ጊዜ ቃልሲ ግን ካባና ንታሕቲ እምበር ካባና ንላዕሊ ኣይነበሩን። መራሕቲ ምብራቓዊት ቲሞር፡ ህዝቢ መራሕቱ ክመርጽ ኣለዎ ኢሎም፡ ሓላፍነቶም ናብ ህዝቢ ኣውሪዶሞ። እዚ እምበኣር፡ ክሳብ ሕጂ ንሕና ክንመሃረሉ ዘይከኣልና ኣገዳሲ ተመኩሮ ኢዩ። ናይ ምብራቓዊት ቲሞር መምሃራን ኔርና ሕጂ ተመሃሮ ክንከውን የሕዝነኒ። ዝገደደ ከኣ ተማሃሮ ክንከውንን ገና ዘይምብቃዕና ኢዩ። ሕጂ'ውን ካብ'ቶም ተማሃሮና ዝነበሩ፡ ክንማሃር ይግባኣና። መራሕቲ ምብራቓዊት ቲሞር ዝተኸተልዎ ምርጫ ማሕበራዊ ፍትሒ ከታኣታትዉ ኣኽኢልዎም። ንኣብነት እታ ቀንዲ ጨቋኒቶም ዝነበረት ኢንዶኖዝያ (ከምዚ ንዓና ኢትዮጵያ)፡ ምስኣ ብቐዳምነት ናይ ዕ ርቂ ሕቶ ኣቕሪቦም። ናይ ገበን ሕቶታት ነይሩ፣ ንሱ'ውን ብኣገባብ ፈቲሖሞ። ብኢንዶኖዝያ ዝሕገዙ፡ ጸረ ነጻነት ምብራቓዊት ቲሞር ዝንቀሳቐሱ ማለሻ ደቂ ምብራቓዊት ቲሞር ነይሮም እዮም። ንናጽነቱ ንዝቃላስ ህዝቢ ከበሳብሱን፡ ክሳቕዩን ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቲ ቃልሲ ናይ ምብራቓዊት ቲሞር ምስ ተዓወተ፡ ምስቶም ወተሃደራት ናይ እንዶኖዝያ ናብ ምዕራባዊ ቲሞር ሃዲሞም። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ነቲ ናይ ምብራቓዊት ቲሞር ጉዳይ ተሳላስሎ ስለዝነበረት፡ ነቶም ኣብ ምዕራባዊት ቲሞር ኮይኖም ብኢንዶነዝያ ዝሕገዙ ዝነበሩ ምንቅስቓሳት፡ ሓገዛ ጠጠው ክተብል ንእዶነዝያ ኣገዲዶማ። ብድሕሪ'ዚ፡ መሰል ናይ'ቲ ህዝቢ ንምርግጋጽ፡ እቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ገበን ንዝፈጸሙ ማለሻን ካልኦት ወተሃደራትን ጉዳዮም ብቤት-ፍርዲ ተወሲኑ።

ቤት-ፍርዲ፡ ንኹሉ እቲ ጉዳያት ድሕሪ ምምርማር ፍርዲ ሂቡ። እንተኾነ፡ እቲ ዝተዋህበ ፍርዲ ውሒዱ ወይ ቀሊሉ ተባሂሉ፣ ኣውስትራሊያ ሓንቲ ካብ'ተን ውሒዱ ዝበለት ኢያ። ሻናና ጉስማው ግን እቲ እንዶኖዝያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ፡ ንዓና ኣብ ውሽጥና ሃገራዊ ዕርቂ ክንገብር ስለዝሕግዘና፡ እወንታዊ ኢዩ ኢሉ ተቐቢልዎ። ስለዚ ድማ ከምዚ ገይሩ ናይ ሰላም ሃዋሁው ፈጢሩ። በዚ ኢየ ድማ፡ ካብ'ቶም ተማሃሮና ዝነበሩ (ምብራቓዊ ቲሞር) ክንማሃር ክንክእል ኣለና ዝበልኩ።

<u>ዶክ. ዑቕባዝጊ</u>፡- ጽቡቕ ኢዩ ንምብራቓዊት ቲሞር ከም ኣብነት ክንወስዳ። ብዛዕባ ምብራቓዊት ቲሞር ዶክ. ብርሃን ኣጸቢቑ ዝፈልጦ'ኳ እንተኾነ፡ ናይ ምብራቓዊት ቲሞር ካብ ናትና ፍልይ ዝበለ ውድዓዊ ኩነታት ዘለዎ ኮይኑ እስማዓኒ። ቀዳማይ ነገር ናይ ውድብ ሃገራት ዓለም ምሉእ ተሳታፍነት ስለዝነበሮ፣ ካልኣይ ከኣ ዓባይን ሓያልን ሃገር ጭቁናቶም ስለዝነበረት፣ ዋሕዲ ናይቲ ህዝቢ፣ ዶክ. ብርሃን ከምዝበሎ እውን ናይ'ቲ መራሒ ፍልይ ዝበለ ጠባይ፡ ተዳማሚሩ ፍልይ ዝበለ መልክዕ ሒዙ ከምዝጓዓዝ ገይርዎ። እዚ ናትና ጉዳይ ክንርእዮ ከለና ግን፡ ቀዳማይ ነገር እቲ ናይ ሓድሕድ ኵናት ካብ ሰብዓ ታት ጀሚሩ ድሓር'ውን ኣብ ሰማንያታት ቀጺሉ፡ ብድሕሪኡ'ውን፡ እቲ መንግስቲ ነቶም ተቓወምቲ ማለት ተጋደልቲ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ዝነበሩ ኣካላት ኣይፈልጥን ኢሉ ክሳብ ሕጂ'ውን እናዳናገረ ዝጸንሐ መንግስቲ ኢዩ ዘለና። ስለዚ እቲ ኩነት ናይ ኤርትራን ናይ ምብራቓዊት ቲሞርን ፍልይ ዝበለ ኮይኑ እስማዓኒ። ስለዚ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፡ ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ተመኩሮ ክንማሃሮ ንኽእል ኣሎ ኢለ ኣይራኣየንን። ናይ ኒካራጎዋ እንተራኣናዮ ብዝተፈልየ መንገዲ ተፈቲሑ፣ ናይ ኣንጎላ ሳቪንቢ (ናይ ዩኒታ መራሒ ዝነበረ) ስለዝሞተ እምበር ክሳብ ሕጂ'ውን ምናልባት ኣይምተፈትሐን ነይሩ። ስለዚ ብሓፈሽኡ እቲ ሰውራዊ ባህሊ ተዘሪጉ ስለዝመጸ፡ እቲ ፖለቲካዊ ኩነታት እውን ምስኡ ተበኪሉ ስለዘሎ፡ ካብቲ ናትና ተመኩሮ ተማሂርና ሓዱሽ ሜላ ክንፈጥር ዘለና ኮይኑ ኢዩ ዝራኣየኒ። ብዝተረፈ ካብ ካልእ ሃገር ክንቀድሖ እንኽእል ተመኩሮ ኣሎ ኣይብልን።

<u>ዶክ. ብርሃን፡-</u> እወ፡ ኣብ'ቲ ቀንዲ ጉዳያት ማለት ታሪኽ ጠቀስ እንተመጺእና ብዙሕ ዓይነት ፍልልያት ክንረክብ ኢና። ግን ኣብቲ ሓፈሻዊ ኩነታት ክርእዮ ከለኹ፡ እቲ ናይ ፍታሕ ካብቲ መሪሕነት ክብገስ ይግበኦ። እቲ ህዝቢ ካብቲ ናቱ ተመኩሮን ኣተሃላልዋን ብዙሕ ዓይነት ፍታሕ ክቐርብ ይኽእል ኢዩ።

ወያነ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ኣትዩ ብዙሕ ሽግራት ፈጢሩልና። ንተ.ሓ.ኤ. ካብ ሜዳ ክትወጽእ ምግባሩ፡ ነዚ ናይ ሕጂ ኣተሃላልዋና ብዙሕ ጸልይዎ። እቲ ግርጭት ኣብ መንጎ ጀብሃን ህ. ግንባርን ጥራሕ እንተዝነብር፡ ሎሚ ዝሓሸን ዝቐለልን ጸገማት ምነበርና ነይሩ ኢለ ይኣምን። ካብቲ መሪሕነታት ናይ ክልቲኤን ውድባት ብውክልና ዘማእክሉ ኣገባብ

ኣከያይዳ ንኽፍጠር ዝኽእል ዕድል ምነበረ ነይሩ። ዶክ. ዑቕባዝጊ ልክዕ ከምቲ ናትና ኩነታት ዝመስል የለን፣ ዝበሎ ሓሳብ እሰማማዓሉ ኢየ። ግን ነቲ ናይ ምብራቓዊት ቲሞር ብማይክሮስኮፕ ጌርና እንተሪኢናዮ፣ ናይ ሕዳር 11 2000 ዝተገብረ ዕርቂ (reconcilation) ኢዩ። ከምዚ ናትና ብውግእ ሓድሕድ ዝፈሰሰ ደም፣ ኣብ ምብራቓዊት ቲሞር'ውን ምስቶም ብእንዶኖዝያ ዝሕገዙ ዝነበሩ ተዋጋእቲ ደም ምፍሳስ ተፈጺሙ ኢዩ። ስለዚ ናተይ ኣድህቦ፣ ከመይ ጌርና ኣብ መሪሕነት ከምዝፈሸልና ንምሕባር ኢዩ። እቲ ብህዝባዊ ግንባር ዝመጸ መሪሕነት፣ በቲ ነጻነት ኣብ ምምጻእ ዝገበሮ ኣስተዋጽኦ ጥራሕ ክነብር ደልዩ። ብሕሉፍ ዓወታት ክነብር ዝደሊ መሪሕነት ፈጢርና። በቲ ትማሊ ዝፈጸሞ፣ ንምሉእ ሂወቱ ብእኡ ክነብር ደልዩ።

**ዶክ. ዕቕባዝጊ፡-** ኣብቲ መሪሕነት ዝምልከት ምስ ዶክ. ብርሃን ኣጸቢቐ እሰማማዕ። ኣብቲ ስልጣን ናብ ህዝቢ ምርካብ ይኹን ናብ መንእሰይ ወለዶ ምትሕልላፍ ዝምልከት፣ እቲ ዝጸንሐ መሪሕነት ጽቡቕ ፍቓዱ ክኸውን ከሎ፣ ብዝቐለለ መንገዲ ክሰጋገር ምተኻእለ። ቅድሚ ሕጂ ምስ ካልኦት ከዕልል ከለኹ፣ ገሊጸዮ ነይረ። እቲ ቀንዲ ሕማም ናይ ኤርትራ፣ እቲ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ኢሳያስ፣ ማለት ኣብ ሜዳ ከሎ ጸያቒ ከምዝነበረ እናፈለጡ ተተይ ኣቢሎም ተሰኪሞም ዘእተውዎ ሰባት፣ ክሕተቱ ይግባእ። ስለዚ እቲ ኢሳያስ ከይተቐየረ ማለት ብሓደ መንገዲ ካብቲ ስልጣን ከይለቐቐ፣ ሓዱሽ መሪሕነት ክፍጠር ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ሃገራዊ ዕርቂ እንብሎ ሓሳብ ከኣ ክሰርሕ ስለዘይክእል ትርጉም ኣይክህልዎን ኢዩ። እዚ ኢሳያስ ድማ ሽኽራን ዝተዓዛዞሮ ኮይኑ እስማዓኒ፣ ካብ ሽኽራኑ ከኣ ክላቐቕ ዝኽእል ኣይመሰለንን። ስለዚ እቲ ሓዱሽ መሪሕነት ካብቲ መንግስቲ ወጻኢ ክነቅል ኣለዎ እምበር ካብቲ ውሽጢ መንግስቲ ክነቅል ዝኽእል ኣይመስለንን። ስለዚ ኣብ ቅድሚኻ ዝግተር ሕቶ፣ ነቲ ናብ ሃገርዊ ዕርቂ ዘብጽሓና ሓዱሽ መሪሕነት ከመይ ጌርና ንፈጥሮ? ዝብል ኢዩ። እዚ ኢዩ ድማ ንዓይ ኣሸጋሪ ኮይኑ ዝስማዓኒ።

**ነ.ኤ፡-** ሃገራዊ ዕርቂ፣ ከም ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ መስርሕ ናይ ሃገራዊ ሽግራትና ጌርኩም ኣቕሪብክምዎ። ስለዚ መስርሕ ናይ ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ጥራሕ ክሰላሰል ስለዘለዎ፣ ንስርዓት ኢሳያስ ኣልጊስካ ጥራሕ ኢዩ ክትግበር ዝክኣል፣ ኣብ ዝብል ደምዳሚ ሓሳብ ዲኹም ተምርሑ ዘለኹም?

**ዶክ. ዑቕባዝጊ፡-** ብመጽሄት ይኹን ኣብዚ መርበብ ናይ ኮምፒተር (ኢንተርነት) ዝጸሓፍ፣ ኩሉ ጊዜ ንኢሳያስ ጥራሕ ኢና ንወቕሶን ንኸሶን። ግን ናብተን ተቓውሞ ውድባት ንመልከት። ንኢሳያስ ንሕና ክንትከኦ ኢና ንዝብሉ መሪሕነታት እውን፣ ሽግራቶምን ድኽመታቶምን ክንገልጽ ክንክእል ኣለና። እዞም ተቓውሞ ውድባት ዘተኣማምን ኣመራርሓ ሃኒጾም፣ ሓዱሽ መደረኽ ከፊቶም፣ ተጣራኒፎም፣ ኣብ ውሽጦም ዕርቂ ገይሮም፣ ክሳብ ሕጂ ዘተኣማምኑ መተካእታ ክኾኑ ኣይከኣሉን።

**ዶክ. ብርሃን፡-** ኣነ'ውን ምስ ዶክ. ዑቕባዝጊ እሰማማዕ። ምኽንያቱ፣ ኢሳያስ ኣብ ስልጣንን ስለዘሎ ኢዩ ዝያዳ እቲ ሽግራቱ ጎሊሁ ተራእዩና። እዚ ናይ ኢሳያስ መንፈስ ዝመስል ዘለዎ ካልእ፣ ቦታን ጊዜን ዝጽበ ይህሉ ይኸውን። ግን ቅኑዕነቱ ሕጂ ክግለጸልና እንተዘይክኢሉ፣ ጽባሕ ከምቲ ንኢሳያስ ምስ ኩሉ ሽግራቱ ሓንጊሮም ካብ ሜዳ ዘምጽእዎ ኢዩ ክኸውን። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፣ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ብሓዱሽ ኣመራርሓ ንኽከይድ፣ ሕጂ ክንሃንጾ ኣለና። ከመይ ጌርና ንሃንጾ ዝብል ሕቶ ናይ ሓባር መልሲ የድሊ። ግን ሓደ ካብ'ቲ ናይ ሕጂ ሽግር ኮይኑ ዘሎ ኩላትና ጠመተ ኣብ ኢሳያስ ጥራሕ ምግባርና ኢዩ። እወ፣ እቲ ወሪዱ ዘሎ ኩነታት መሪርን ከቢድን ኢዩ፣ እንተኾነ፣ ኣብ ክንዲ ካብ ውሽጥና ክንግንዘብን ክንምርምርን ንኽእል፣ ናብ ኢሳያስ ጥራሕ ምትኳር እናካይዶ ጉዕዞ ሕማቕ ሳዕቤናት ከምዝህልዎ ኣይሰሓትን።

እቲ ናይ ምንእኣስ ይኹን ኩሉ ናይ ምፍልላይ መንፈሳት፣ ንርእሱ ዓቢ ሕማም ኢዩ። እዚ ከኣ ኣብ ውሽጥና ኣሎ። ሕማም ናይ ምንእኣስን ናይ ምክፍፋእን ዝኣመሰሉ ጸገማት፣ ሓዱሽ መሪሕነት ከብቁሉ ኣይክእሉን እዮም፣ ንቕድሚት'ውን ከበግሱና ኣይክእሉን እዮም። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ'ውን ኣብ ኢሳያስ ጥራሕ ንጥምት ስለዘለና ንካልእ ሰራቒ መሕብኢ ንፈጥረሉ ኣለና። እዚ ከኣ ኢሳያስ እምበር ካልእስ ድሓን ዝብል መንፈስ ስለዝፈጠርና ኢዩ። ከምዚ ዶክ. ዑቕባዝጊ ዝበሎ፣ እንተድኣ ናይ ብሓቂ ብሓዱሽ መንፈስ ዝብገስ ሓዱሽ መሪሕነት ከነጠጥዕ ኮይንና ካብ ውሽጥና፣ መጀመርያ ክንጥምቶ ዘለና ጉዳይ ናይ ኢሳያስ ዘይኮነስ ጉዳይ ናይ ኣመራርሓ ኣብዚ ናይ 20 ክፍለ-ዘመን እዚ ከነባብረና ዝኽእል ምህናጽ ኢዩ። እዚ ዘሎ መሪሕነታት ኣሰራርሕኡ ግሉጽ ኣይኮነን። ጥራሕ ንኢሳያስ ነጽድፎ እሞ ጽባሕ ንርእዮ ብዝብል ኣገባብ ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ። እዚ ኣገባብ ኣካያይዳ እዚ ኣይጥርንፈናን ኢዩ። ካብ ሽግር ኣየውጻኣናን ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝገደደ ሽግር ዝውሰኸልና'ዩ። ዘድልየና ዘሎ፣ ነዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ኩነታት፣ ብብቕዓት ርእዩ፣ ብክእለት መሊሱ፣ ብተሓታትነት'ውን በቒዑ፣ ክኸይድ ዝኽእል መሪሕነት ኢዩ። ነዚ ድልየት እዚ ግን እቲ ዘሎ መሪሕነታት

ክፈልጥ ኣይከኣለን ወይ ድማ ክምልሶ ኣይደለየን። ስለዚ ሕቶና ኢሳያስ ጥራሕ ኣይኮነን፣፣ ሕቶና ብዙሕ ኢዩ፣ ስለዚ ኩላትና ኤርትራውያን ብሓንሳብ ኮይንና ንሓቶን ብሓንሳብ ኮይንና ንምልሶን'ዩ። ስለዚ እቶም ኣብ ተቓውሞ ዘለዉ መሪሕነታት'ውን ተሓታትነቶም ከም'ቲ ናይ ኢሳያስ ኢዩ።

<u>ነ.ኤ፡-</u> 1) ሕመረት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራዊ ንሰላምን ዲሞክራሲን ኢዩ። ክዕወት ግን ብቑዕ መሪሕነት የድልዮ። ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱም ናይ ወርሒ መጋቢት 2005 ኣኼብኡ ካብ ዝውድእ ዳርጋ ኣብ ወርሒ ተጋማጊሙ። ክሳብ'ዛ ዕ ለት እዚኣ (ሚያዝያ 2, 2005) እቲ ቻርተር ብዕሊ ናብ ህዝቢ ኣይተገልጸን።

2) በይና ድኣ ንኢሳያስ ካብ ስልጣን ነውርድ እምበር፣ እቲ ዲሞክራሲያዊ ዕላማታት ህዝቢ ኤርትራስ ድሕሪ ውድቀት ኢሳያስ ከነርክበሉ ንኽእል ኢና፣ ዝዓይነቱ ተረድኦታት ዘሎ ይመስል። ኣብዚ ግንዛቤታት'ዚ ከመይ ዝበለ ርእይቶ ኣለኩም?

<u>ዶክ. ዑቕባዝጊ፡-</u> እዚ ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ። ኣቐዲመ'ውን ጠቒሰዮ ነይረ። ዘየታኣማምን ተቓውሞ ኢዩ ዘለና። ኢሳያስ ከተንፍስ ዝኽኣለ'ውን ነዚም ተቓውሞ ስለዝድንድኖም ኢዩ። ክሰምሩ ኣይክእሉን እዮም! ክጣራነፉ ኣይክእሉን እዮም! ናይ ውልቃዊ ናይ ስልጣን ሕቶ'ዩ ዘለወም! እናበለ ስለዝተኣማምን ኢዩ። ስለዚ ዳሕራይ ዲሞክራሲ ይጽናሓልና፣ ጥራይ ነዚ ዘሎ ስርዓት ንቐደም ንደምስስ ዝብል ኣተሓሳስባ ስንኩል ኮይኑ ኢዩ ዝረዳኣኒ። መጀመርታ መተካእታ ክብሃል ከሎ ሓሳብ ኢዩ። እቲ ሓሳብ ከኣ ከመይ ጌርካ ነቲ ሃገር ትመርሓ፣፣ ዲሞክራሲ ኣብታ ሃገር ብከመይ ተታኣታቱ፣፣ እቲ መሪሕነት ክቕየደሉን ክምራሓሉን ዘለዎ ፕሮግራማት እንታይን ከመይ ይኹኑ? ዝብሉን፣ ሕቶ ተሓታትነት፣ ግሉጽነት... ዝኣመሰሉ ጉዳያት መጀመርታ ክጻረዩ ኣለዎም። ነቲ ዝተጻረየ ሒዝካ ኢኻ መደባትካ ክትርጉም ትብገስ። ግን እዞም መራሕቲ ናይ ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ ንርእሶም ዘተኣማምን ስራሕ የብሎምን። እዚ ኢዩ እቲ ምኽንያት ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ክስዕ ቦም ዘይከኣለ። እቲ ክሳብ ሕጂ ንጹር ሓሳብ ከቕርቡ ዘይምኽእሎም እውን እዚ ጸገም'ዚ ኢዩ። ስለዚ ብወገነይ ዝብሎ፣ መታካእታ ናይ ኢሳያስ እንተድኣ ክፍጠር ኮይኑ፣ መጀመርታ ንጹር ሓሳብ ክቐርብ ኣለዎ፣፣ ካልኣይ እቲ ኣማራርሓ ንጹር ክኸውን ኣለዎ፣፣ ሳልሳይ ህዝቢ ምሉእ ተሳታፍነት ክህልዎ ይግባእ። ኢሳያስ ይኹን እቶም ናይ ተቓውሞ መራሕቲ ዝባሃሉ ነቲ ህዝቢ ከም ትሑዝ (for granted) እዮም ወሲዶሞ። ህዝቢ ፈትዩ ጸሊኡ ክስዕ በና ኢዩ ዝብል ኣጉል እምነት ሒዞም እዮም ክሳብ ሕጂ ዝኸዱ ዘለዉ። ንሕና ክንምዝኖም እንኽእል በቲ ዘቕርብዎ ሓሳብን በቲ ዘርእዩና ናይ ኣማራርሓ ኣሰራርሓን ኢዩ። ስለዚ ቃልስና ንሓዱሽ ኣመራርሓን ሓዱሽ መንፈስን ኣብ ኤርትራ ንምህናጽ ካብ ኮነ፣ ካበየናይ ኩርናዕ ይመጽእ ብዘየገድስ፣ ንዝኾነ ጌጋ፣ ጌጋ ምባልን መተካእታ ሓሳብ ኣብ ምቕርብን ክኸውን ይግባእ።

<u>ዶክ. ብርሃን፡-</u> ኢሳያስ ብናይ ተቓውሞ ድኽመት ኢዩ ዝነብር ዘሎ። ምህላዎም ጥራሕ ዕድሚኡ ንኸቕጽል ኣኽኢልዎ ኣሎ። ስለዚ ናቱ ትንፋስ/ኦክሲጅን እዮም ክብሃል ይከኣል። ኢሳያስ ይፈልጥ ኢዩ፣ ብሓባር ሰሚሮም ከምዘይግጥምዎ። ብቕዓቶምን ኣድማዕነቶምን እውን ብዙሕ ምዝራብ ዘድልዮ ኣይመስለንን ኣብ ቅድሚ ዓይንና ብሩህ ስለዘሎ። መራሕቲ ናይ ተቓውሞ ውድባት፣ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተገበረን ዝነበረን ዝሓሸ ኣገባብ ክንክተል ኢና፣ ክንገብር ኢና፣ እናበሉ ብኣፍን ብጽሑፍን እንተዘይኮይኑ፣ ብተግባር ክሳብ ሕጂ ኣይተራእየን። እቲ ቀንዲ ሽግር ኮይኑ ዘሎ'ውን፣ ነቲ ሃገራዊ ዕዮ ቀዳማይ ደረጃ ኣትሒዝካ ዘይምትግባሩ ኢዩ። ስራሕ ቅድሚት ክኸይድ ዘይተኻእለ፣ ካልእ ኣብነት ዘይኮነስ እቲ መተካእታ ኢየ ዝብል ዘሎ ኣካል፣ ናይ ብሓቂ መተካእታ ክኸውን ዘይምኽኣሉ ኢዩ። ኢሳያስ'ውን ኣብ'ዚ ኢዩ ዝነብር ዘሎ። እዞም ዝመጽኡም ዘለዉ ራኣይዎም እሞ ከመይ እዮም እናበለን ድኽመታቶም እናመዝመዘን ኢዩ ዝነብር ዘሎ። ስለዚ ናይ ኢሳያስ መንበሪ ኮይኖም ኣለዉ። ንሶም እንተዝቕየሩ፣ ኢሳያስ ዕድመ ኣይምሃለዎን። ወይ ቦታ ኣይምሃለዎን። ምኽንያቱ ክምክተሉ ዝኽእል ኣብነት ስለዘይብሉ። ህዝብና ወይ እቲ ንተቓውሞ ዝመርሕ ኣካል ዝተፍለየ ኮይኑ ምገጠሞ ነይሩ። ኩሉ ጊዜ ሓሶት ብሓሶት ጌርካ ኣይተፍርሶን ኢኻ። ንሓሶት ክተፍርሶ እትኽእል ሓቂ ሒዝካ ጥራሕ ኢዩ። ሕጂ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ነገር ከቢድዎ ኣሎ። ናይ ኢሳያስ ቀደም ክእለ ዝግበኦ ዝነበረ ኣይተኣለየን፣፣ ህዝቢ ከኣ ኩሉ ጊዜ እናተቐሸሸ ክነብር ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ ካብ እኩብ ድሙር ናይ ዝሓለፈ ተመኩሮ ተማሂርና፣ ዝሓሸ ምርጫ ክንወስድ ይግባኣና። እቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንሰምዖ ዘለና ዜናታት ናይ ሓደሽቲ ውድባት ምፍጣር ጥራሕ'ዩ። እዚ ከኣ ከም'ቲ ከብቲ ክበልዕኦ ንዝወዓላ ሳዕሪ ምስ ደቀሳ መኽስዕ/መጉስዕ ዝመልሰኦ፣፣ ናብራና ከኣ ዘርባን ሓሳብን ናይ ምኩምሳዕ ጥራሕ ኮይኑ። ሓዱሽ መግቢ ነእቱ የለናን ናብ ከብድና። ህዝብና ዝደሊ ዘሎ ቅያር ስም ኣይኮነን። ኢሳያስ ብመሓመድ ዝብሃል ኣስላማይ ቀይርካ፣ ወይ ንኢሳያስ ብካልእ ክርስትያን ተኪእካ ኣይኮነን ህዝብና ዝጽበዮ ዘሎ ፍታሕ።

ህዝብና ዝጽበዮ ዘሎ ፍታሕ ጉዳይ ፍትሕን ጉዳይ መሰልን ወዲ ሰብ ኢዩ። ንሕና ኩሉ ርኢናዮ ኣለና እቲ ናይ ክርስቲያናይ ይኹን ናይ'ቲ ኣስላማይ። እዚ ንጊዜኡ መንበሪ ናይ ድኹም መሪሕነት ኮይኑ። ስለዚ ሎሚ ሓቀኛ ሕቶ ናይ ህዝቢ ናይ ምፍታሕ ዕዮ ቀዳምነት ክዋሃቦ ኣለዎ፣ ካልእ ምርጫ የለን። እቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ድልየት ቅኑዕን ሓቀኛን መልሲ ክረክብን፡ እቲ ናይ መሪሕነታት ምትላል ከብቅዕን እቲ ሰዓት ዝኣኸለ ኢዩ ዝመስል።

__ነ.ኤ፡-__ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ሓድነት ብኣሉታ ዘንጸላሉ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣሎ ድዩ? ወይ ብገለ ኣካላት ከም ዝጥቀስ፡ ዓረባውን (እስላማዊ)፣ ሓበሻውን (ክርስትያናዊ)፡ ዝብሃል ዝተጋህደ ምፍልላያት ኣሎ ድዩ? እንተልዩ ብከመይ ክውገን ዝኽእል ይመስለኩም?

__ዶክ. ብርሃን፡-__ ኣብ ናይ እስልምናን ክርስትናን ንዝብል ሕቶ መጀመርያ ንሕና ኣብ ዓለም ብሉጽ ተመኩሮ ዘለና ህዝቢ ኢና። እዚ ድማ ክልቲኡ ሃይማኖታት ተሳንዩ ብሓደ ክነብር ምኽኣሉ ኢዩ። ብዝያዳ እውን ኣብ ናይ እስላም ዝግለጽ ኣብ ጊዜ ናይ ነብዪ መሓመድ ኣብ ሓበሻ ዝነበረ ንጉስ ናይ ፍትሒ መሪሕነት ምንባሩ ይጥቀስ ኢዩ። ክርስትያናዊ ኮይኑ ግን ንኣስላማይ ዘዕቆበ ኢዩ። ካብኡ ተበጊሱ እውን እቲ ናይ ኣስላማይን ክርስትያናይን ኣብ ከባቢና ብሓባር ክሰፍርን ክቕመጥን ዝኸኣለ። እቲ ጸገም፡ ድኹም መራሒ ስንቁ ድሑር ባህሊ ኢዩ፣ ኣብቲ ድኽመት ናይቲ ህዝቢ ኢዩ ድማ ዝነበር። ኣብ ምሉእ ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎ ህዝቢ ኣይነብርን ኢዩ። ምፍልላይ ናይ ህዝቢ ከም ዝኾነ መግዛእታዊ ባህሪ እንተሪኢና፡ ንድኽመታት ናይ ህዝቢ እናመዝመዘን እናባለሐን ኢዩ ክነብር ፈቲኑ። እቲ ዘሎ መሪሕነት እውን ብብቕዓትን ክእለትን ኣይኮነን እቲ መዝነት ሒዝዎ ወይ በጺሕዎ። ስለዚ ድማ ነቲ ድኽመቱ ዘዕቁብ ባይታ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ነቓዓት እናፈጠረ ይነብር።

እቲ ናይ ሃይማኖት ጉዳይ፡ ናይ ህዝቢ ሽግር ገይረ ኣይርእዮን ኢየ። ግን ከምቲ ዝገለጽክዎ፡ እቲ ዘይብቑዕ መሪሕነት ኣብኣ ተጸጊዑ ጥራሕ ኢዩ ክንብር ዝኽእል። ኣብቲ ንሕና ብቐሊሉ ክንፋላለየሉ ንኽእል ነቓዓት ኢዩ ተሓቢኡ ዝነብር። ኣብ ዓለምና ክንርኢ ከለና ብዙሓት መራሕቲ ዘየናሕስዩ ሕቶታት ቀሪብሎም ክምልሱ ክግደዱ ከለዉ፡ ናይ'ቶም መራሕቲ ብቕዓትን ናይ'ቲ ህዝቢ ነጻነትን የንጸባርቐልና። ኣባና ግን፡ እቲ መራሒ ኮይኑ ዝቐርብ ንዝቐርበሉ ሕቶ ብግቡእ ክምልስ ዘይበቅዕ ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብቲ ድኽመትን ተሃዋሲ ጉዳያትን ግን ስሉኽ ኢሉ ክኸይድ ይበርሃሉ። ንኣብነት ንሓደ መራሒ ንሸኻ ጸጋይ እንተሓቲትካዮ፡ "እምብኣር ክስታን ከምዚ እዮም ዝሓስቡ ዘለዉ" ኢሉ ኢዩ ዝትርጉሞ። ሓደ ኣስላማይ ንሓደ ክስታናይ መራሒ እንተሓተቶ ከኣ "ርኢኻ ኣስላም ኣብዛ... ክበጽሑ ኢሎም እዮም ከምዚ ... ኢሎም ዝሓቱን ዝዛረቡን ዘለዉ" ይብል። ስለዚ ከምዚ እናበሉ እዮም ንዘይብቕዓቶም መኸወሊ ዝፈጥሩላ። እዚ ዘርእየና እምበኣር፡ እቲ ሽግር ናይ ህዝቢ ኣይኮነን። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ድሃይ (ናይ ኮምፒተር መርበብ) ነዚ ዝምልከት ንዓመትን ገለን ዝኸውን ተጻሓሒፈ ምስቶም ሽዑ ኣብ ድሃይ ዝነበሩ። እቲ ሽዑ ደጋጊመ ዝብሎ ዝነበርኩ፡ ኣነ ከም ኤርትራዊ ኣብ ኣዝዩ ንኡስ ዕድመይ ኢየ ወጺአ። በጋጣሚ ኣብ ግብጺ ተማሂረ ስለዚ እስላም-ክርስትና ኣብ ግብጺ ዝረኣኹዎን ኣብ ዓድና ዝረኣኽዎን ከዋዳድሮ ከለኹ፡ ኣብ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ፍልልይ የለን ኢዩ ዘብለካ። ኣብ መታሕት ብናተይ ተመኩሮ ክርእዮ ከለኹ፡ ከም ኣስላማይን ክርስትያንን ዘይኮኑስ ከም ክልተ ኣሕዋት ተሳንዮም ዝነብሩ እምበር ፍልልይ ኣይራኣኹን። ክልተ ኣሕዋት ክርስትያናይን ኣስላማይን ኮይኖም ይነብሩ። ሃይማኖት ከም ወጻእትኛ ኮይንዎም፡ ባህሎም ግን ከም ቀንዲ ወሲዶም ዝነብሩ ህዝቢ እየ ዝፍልጥ። ግን ዘይብቑዕ መሪሕነት ኩሉ ጊዜ፡ ነዚታት ከም ሕቶ ኣምጺኡ ነቲ ህዝቢ ንጉሆ ንጉሆ ክጉስጉሶ ይርከብ። ናይ ጽባሕ መእተዊኻ ሕቶ ትምልስ የለኻን፡ ናይ ሎሚ ኣይትመልስ ዝብል ሽፋን እናተጠቐመ ክነብር ክኢሉ።

__ዶክ. ዑቕባዝጊ፡-__ ኣብቲ ዶክ. ብርሃን ዘቕረቦ ሰፊሕ ሓተታ ኣጸቢቐ እሰማማዕ። ምድጋም ድኣ ከይከውን እምበር፡ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ኣውራጃነት... እዚታት ኩሉ ዘገዳማዊ እምበር ዘቤታዊ ሰለዘይኮነ፣ ምኽንያት ኮይኑ ክቐርብ ኣይክእልን ኢዩ። ግን ከምቲ ዶክ. ብርሃን ዝበሎ፡ መራሕቲ ካብ ቅንዕና ወጺኦም መንበርን መጸግዕን ክደልዩ ከለዉ፡ ናብ ሃይማኖታዊ፡ ጉጅላዊ፡ ኣብ ኤትኒሲቲ፡ ኣብ ኣውራጃ፡ ኣብ ዓሌት፡ ተጸጊዖም እዮም ስልጣኖም ክናውሑ ዝደልዩ። እዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ተደጋጊሙ ዝተራእየ ተርእዮታት ኢዩ። ማለት ኣብ ዓለም ዝነበረን ዘሎን እምበር ናይ ኤርትራ ሽግር ጥራሕ ኣይኮነን። ኣብ መበል 17 ክፍለ-ዘመን እንተሪኢና፡ እዚ ናይ ሳላሳ ዓመት ውግእ፡ ኣብ መንጎ ካተሊካውያንን ከኒሻን (ፕሮተስታንት) ዝነበረ፡ ማለት ኣብ ውሽጢ ሃይማኖት ክርስታያን፣ ኣብ ፓኪስታን እንተራኣና እውን ሺዓ ይት፡ ሱኒ፡ ኮይኖም ነንሓድሕዶም ይዋግኡ። እዚ ከኣ እቲ ሽግር እቲ ሃይማኖት ባዕሉ ዘይኮነስ፡ እቶም መራሕቲ ዝፈጥርዎ ነገር ኢዩ። ስለምንታይ ይፈጥርዎ እንተበልና ከኣ፡ እቶም መራሕቲ ኣብ ስልጣን ክነብሩ

ዝኽእሉ ኣብ ፍልልይ ናይቲ ህዝቢ ጥራሕ ኢዩ። ስለዚ ብሰፊሑ ዶክ. ብርሃን ኢልዎ ስለዘሎ፡ ናብቲ ከመይ ጌርካ ኢኻ ነዚ መፍትሒ ክትረኽበሉ ትኽእል ኢልካ ዘቕረብካዮ ተደራቢ ሕቶ ክነድህብ እግባእና እብል። ካብኡ ሓሊፉ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸላእትን ገዛእትን ዝፈጥረዎ ገለ ናእሽቱ ነገራት ምህላዉ'ኳ ዘይክሓድ እንተኾነ፡ ኣብ ሓድሕዱ ኣስላማይ! ክርስትያናይ! ተባሂሉ ዝተባኣሰሉ እሞ ሎሚ ሰበብ ናይ ሽግር ኮይኑ ክቐርብ ዝኽእል ኣሎ ኣይብልን።

ግን እዚ ጉዳያት እዚ ሕጂ ይቀላቐል እንተልዩ፡ ወይ ክቀላቐል ስለዝኽእል፡ ነዚ ከመይ ጌርና ንሓዞን ከመይ ጌርና ንእለዮን ዝብል ሕቶ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ኣነ ብወገነይ ኣብቲ ምሁር ኢዩ እንብሎ ኣካል ክድህብ እደሊ። ስለምንታይ እዚ ኣካል እዚ ዝምድና ክፈጥር ስለዝግበኦ ኢየ። ከምዚ ዝርእዮ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን፡ ዋላ'ኳ ኣጸቢቑ ዘጽናዕኩዎ እንተዘይኮነ፡ ዕርክነቶም ይኹን ምሕዝነቶም ከስተብህለሉ ከሎኹ ካብቲ ከባቢኦምን ሃይማኖቶምን ወይ ካብቲ ኣውራጃኦም፡ ዘይወጽእ ኮይኑ ይረኽቦ። እዚ ገለጻይ እዚ ኣድማሳዊ (ዩኒቨርሳል) ክኸውን'ኳ ዘይክእል እንተኾነ፡ ከምኡ የንጸባርቕ። ስለዚ እቲ ምሁር፡ ነዚ ሰጊሩ ኣስላማይ ምስ ክርስትያናይ ዕርክነት ከምዝገብር፡ ብሓንሳብ ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ክዛተዩን ሓሳብ ንሓሳብ ክቀያየሩን፡ ክሳብ ሓቢሮም ዕረፍቲ ወሲዶም ስድራ-ቤት ምስ ስድራ-ቤት እናቃራረብካ፡ ብዙሕ ኣስተዋጽኦ ክገብር ይኽኣል። ስለዚ ኣብ ዘረባን ጽሑፍን ጥራሕ ከይተመርኮስና፡ ብውልቀ-ሰብ ደረጃ፡ ከመይ ጌርና ንተኣሳሰር፡ ንተሓባበር፡ ኢልና ብኣትኩሮ ክንስተብህለሉ እግባእና።

<u>ዶክ. ብርሃን፡-</u> እቲ ሽግር ከመይ ጌርና ንኣልዮ ዝብል ሕቶ ካብ ገዛእ ርእሰይ ክነቅል እደሊ። ኣነ ኣብቲ ፍታሕዶ ኣብቲ ሽግር ኣሎኹ? ኢልና ነንነብስና ክንሓታ እግባእና። ኣነ ናይ ጽቡቕዶ ናይ ሕማቕ (ብሃገራዊ ደረጃ) ኣብነት ኣሎኹ? ኢልና ክንጥምትን ክንሓትትን እንድሕሪ ክኢልና እሞ በብዘለናዮ ኩርናዕ ናብቲ እወንታዊ ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ክንስጉም እንተበቒዕና፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሽግር ክንፈትሕ ድሮ ብዙሕ ሰጒምና ኣለና ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ናይ ኩላትና ግደ፡ ኣብ ገዛእ-ርእስናን ኣብ ከባቢናን ነቲ እወንታዊ መንገዲ ኣብነት ንኹን። እዚ ጉዕዞ'ዚ ክሳብ ክንደየናይ ቅልጡፍ ኢዩ'ሞ ክንደየናይ ቀልጢፉ ኣብ ዓወት የብጽሓና? ዝብል ሕቶ መቸም ብዙሕ ዓይነት ረቛሒታት ክቐርብ ይኽእል።

ኣነ፡ ኣብ'ዚ ዘሎኹዎ ሃገርን ዓድን ክገብሮ ዝህንጠየሉ ጉዳያት ኣለኒ። ሕቶታት ኣበጊሰ ንኹሉ ኤርትራዊ ዝረኸብክዎ ይቐርቦን ክቐርቦ ይጓዓዝን። እቲ ሕቶ "ንሕና ከም ህዝቢ ብሓደ ንጠፍእ ኣለና! መንእሰያትና ምስ 'ቶም መማህርቶም ኣብቲ ደገ ብሓደ እዮም ዝውዕሉ። ከምኡ እውን፡ ምስ ኢትዮጵያውያን ምስ ሶማልያውያን፡ ምስ ካልኦትን፣ ከምቲ ንሕና ምስ ካልኦት እንገብሮ ዕርክነት ይገብሩ። ከምቲ ንሕና ወለዶም ምስቶም ኣብ ብሃይማኖት ዝቐርቡና እንነብሮ ዝምድና፡ ንሳቶም ከኣ ከምኡ እዮም ዝገብሩ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ብሓባር ኽኸስሮ ነገር እንተድኣ ሃልዩ፡ ናይ ብሓባር ባህልናን መንነትናን ኢዩ። እቲ ናትና መንነት ኢዩ ኢልና ዝተቐበልናዮ፡ ኣብ ደቅና ይረአ የለን። እቲ ናትና ፍርሒ - ናይ ሃይማኖት፡ ናይ ወገንን ናይ ካልእ ምፍልላያትን፡ ፍርሒ ናይ ደቅናን'ውን ኮይኑ። እቲ ንሕና ዝፈጠርናዮ ማሕበራዊ ሕማማት ናብ ደቅና ነሰጋግሮ ኣለና። ስለዚ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ብዝዓበየ ዝኸስሩ ዘለዉ ደቅና እዮም" እናበልኩ እየ ምስ ኣብ ከባቢየይ ዘለዉ ኤርትራውያን ዝምይየጥ ዘሎኹ። ሓቂ ኢዩ፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ብሓባር ክንምልሶ ኣለና። እዚ ጸዋዒት'ዚ ከም ኣጋጣሚ ብነጸብራቕ ኤርትራ ኣቢለ ናብ ኩሎም ኤርትራውያን ከማሓላልፍ እደሊ። ቀሊል ጉዳይ ስለዘይኮነ ብቐሊል ዝኣምነካ ሰብ እውን ኣይትጽበይን ኢኻ። ካብቶም ዘዛረብኩዎም ኤርትራውያን "ኣጆኻ! ሕራይ! ክንተሓጋገዘካ ኢና" ዝብል ጽቡቕ መልሲ ኢየ ዝረከብ። ኣብ'ዚ ከባብየይ ዝርእዮ ዘሎኹ፡ ኩሉ እቲ ስድራ ቤት በብገዝኡ እቲ ሽግር በጺሕዎ ኣሎ። ምኽንያቱ ወዱ ኣብ ድራግ ዝኣትወ'ዶ፡ ወይስ ኣብ ካልእ ሽግር ዝኣትወ፣ ጓሉ ምስ ናይ ካልእ ሃገርን ዓሌትን ዕርክነት ዝሐዘት፣ ፍቕሪ ዝመስረተት፣ ዝተመርዓወት፣ ስለዘለዉና፡ ገና ዘይበጽሓና እንተልዩ'ውን፡ ክመጸና ከምዝኽእል ፍሉጥ ስለዝኾነ፣ እዚ ጸገማት'ዚ፡ ብጥርኑፍን ብስምሩን ዓቕምና ኢና ክንርእዮን ክንገጥሞን ዘለና። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ብሓባር እንከለና፡ እቲ ሕቶ ኣብ መንጎ ክስታናይን ኣስላማይን ኢዩ ነይሩ። ሕጂ ግን እቲ ሕቶ ኣብ መንጎ እንግሊዝን ቓይናን ካልእን ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። እታ ጓልካ ወይ እቲ ወድኻ ትምርዓዎ ወይ ዝምርዓዎ እቲ ዝራሓቐ ኮይኑ። ስለዚ እቲ ዝተሓተ ሮቛሒ ክሓቕፈና ዝኽእል፡ እታ ጓልና እቲ ወዲ ዓዳ ኣስላማይ ይኹን ክስታናይ እንተተመርዓወት ዝሓሸ ኢዩ ንዝብል ሓሳብ ኢና ንመኸኸርን ንመዓዓድን ዘለና። ስለዚ እቲ ጉዳይ ብቐሊል ክምለስ ኣይክእልን ኢዩ። ግን ስግኣት ናይ ኩላትና ኤርትራውያን ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ስለምንታይ፡ እቲ ሽግር ከም ሽግር ኣብ ገዛና ኣትዩ ኣሎ። ካብ ኮነ ብትብዓት ምግጣሙ ኢዩ ዝሓይሽ። እታ ካብ ነዊሕ ዝሓዝናያ እምነት፡ ካብ ርእስና ምልቃቕ ድኣ ኣብያትና ኮይና እምበር፡ ነዚ ዘልዕሎ ዘሎኹ ጉዳይ ከም ሽግር ዘይርእዮ ኤርትራዊ ስድራ-ቤት ዘሎ ኣይመስለንን። ኩላትና በብወገና ንጸኽየሉ ዘለና ኩነታት ኢዩ። ህዝቢና'ውን

ኣብ ገገዝኡ እናኺሕኺሕካ በዚ ጉዳይ'ዚ እንተድኣ ኣዛሪብካዮ፡ ተሓጒሱ ዝቕበለካ ኮይኑ ኢዩ ዝስማዓኒ።

__ነ.ኤ.፡-__ ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስ ክካየድ ዝግበኦ ናይ ዓወት ስትራተጂ ከመይ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ?

__ዶክ. ዑቕባዝጊ፡-__ ጽቡቕ ሕቶ'ዩ። ንምጽማቑ እምበር ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሕቶታት በሰፊሑ ተመሊሱ ዘሎ እመስለኒ። ቀዳማይ ነገር ንዓይ ከምዝርዳኣኒ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና፡ ክንቀሳቐስ ከምዘይክእል ተገይሩ ኢዩ። ኣብቲ ሰራዊት'ውን እቲ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ በዓል ኢሳያስ ኮነ ኢሎም ስለ ዘታኣታተውዎ፡ ሰሚሩ ሓደ ነገር ክገብር ፈጺሙ ኣይክእልን ኢዩ'ኳ ክብል እንተዘይካኣልኩ፡ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ምዃኑ ግን እርዳኣኒ። ህዝብና ብፍርሒ ኣፉ ተለጒሙ ኢዩ ዘሎ። ስለዚ እቲ ዝቐለለ ኮይኑ ዝስማዓኒ እዞም ኣብ ደገ ዘለና ኤርትራውያን ክንጥርነፍ ክንክእል ኣለና ባሃላይ'የ። እዚ ክብል ከለኹ ብክልተ ነገር ክረአ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ- ናይ ምንቅስቓስ፣ ናይ ምዝራብ፣ ገንዘብ ናይ ምውጻእ ክእለት ዘለዎ፣ ካልኣይ፡ ክጽሕፍን መጽናዕቲ ገይሩ ሓዱሽ ሓሳብን ስልትን ከቕርብ ዝኽእል፡ እዚ ኣብ ደገ ዘሎ ህዝቢ'ዩ። ስለዚ በዚ መሰረት'የ እዞም ኣብ ደገ ዘለና ኤርትራውያን መጀመርያ ክንጥርነፍ ኣለና ዝበልኩ። እዞም ኣብ ደገ ዘለና ተጠርኒፍና ንጹር ሓሳብ ወይ ንኤርትራ ናብ ዘመናዊነት ከሰጋግራ ዝኽእል መደባት ክንሰርዕ ይክኣል። ክጥርነፍ ኣለና ክብል ከለኹ ግን ቅድም ብሃገራዊ ደረጃ ንጹርን ብሩህን ኣረዳድኣ ክህሉ ይግባእ። ከምኡ'ውን እዞም ኣብ ደገ ዘለና ከም ሓይሊ ንኢሳያስ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ነዞም መራሕቲ ውድባት ናይ ተቓውሞ እውን፡ ብምድራኽን መተካእታ ሓሳብ ብምቕራብን፡ ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ውሽጦም ከበቁል ጻዕሪታት ክንገብር ዝክኣል ኮይኑ እስማዓኒ። እቲ ቀንዲ ነገር ድማ እዚ ሓዱሽ ወለዶ ኣብቲ ኣመራርሓ ግደ ክህልዎ እንተዘይክኢሉ፡ መወዳእትኡ ዝገደደ ክሳራታት ኢና ክንሓፍስ። ከምኡ'ውን ኣብ ደገ ኮይንና፡ ምስ ዝተፋላለያ ናይ ግብረ-ሰናያት ማሕበራት ኮይኑ፡ ምስ ናይ ሰብኣውያን ማሕበራት እናተራኸብና ኣብ ልዕሊ ኢሳያስ ከቢድ ዝቕጠት ክንግበር ንኽእል። ስለዚ እቲ ስራሕ ካብዚ(ካብ ደገ) ክጅመር ይሓይሽ ባሃላይ ኢየ።

__ዶክ. ብርሃን፡-__ ነዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ምምላስ ብክልተ መንገዲ እርእዮ። ከምዚ ዶክ. ዑቕባዝጊ ዝበሎ፣ ነቲ ጉዳይ ብብቕዓት ኮይኑ ብኽእለት ክንቀሳቐስ ዕድል ዘለዎ'ውን፡ እዚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኤርትራዊ ኢዩ። ግን ክንርድኦ ዘለና ሓደ ረቛሒ ነገር ኣሎ። እቲ ቀንዲ ናይ ኢሳያስ ጸገም ዝወርዶ ዘሎ እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ኢዩ። ከም'ቲ ኣብ ታሪኽ ዝተራእየ፡ ኩሉ ጊዜ፡ ወዲ ሰብ ክበጽሖ ዝኽእል ዓቕሚ ድሩት ኢዩ። ካብ'ቲ ድሩት ዓቕሚ'ቲ፡ ወይ ተሰንጢቑ ክትኮስ ክኽእል ኣለዎ ወይ ኣብቲ ጸገሙ ከይሓለፈሉ ተጸቒጡ ክመውት ኣለዎ። እቲ ኢሳያስ ወግሐ ጸብሐ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ጸቕጥን እከይ ተግባርን፣ ንህዝብና ብሕሱም እናደፍኦ ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ ክጸመሞ ዝኽእል ደረጃ የብጽሖ ኣሎ። እቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ግን ግዲኡ ዓቢ፣ ክእለት'ውን ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ ንለውጢ ብቑልጡፍ ናይ ምምጻእ ክእለት የብሉን። ምኽንያቱ፡ ናብ'ቲ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ ዓመታት ምልስ ኢለ ክርእዮ ከለኹ፣ ንሕና ነቲ ቃልሲ ክንሞተሉ ድልዋት ኢና ኔርና። ሕጂ ግን ካብ'ዚ ኩነታት እንነብረሉ ዘለና ቦታ ኰይነ ክርእዮ ከለኹ፡ ከምኡ ከምዝነበርና ረሲዕናዮ ኢና እብል። ሓንቲ ዛንታ ክገልጸልኩም- ክልተ ዓያሹ ንበረኻ ምስ ከዱ፡ ደቂሶም ከለዉ ዝብኢ መጺም። ሕጂ ነቲ ሓደ እግሩ ክበልዖ ጀመረ። ሕጂ እቲ ካልኣዩ "ኣታ ዝብኢ እምበር ምጺኡና!" እንተበሎ፡ "ድሓን እግረይ ጥራይ ኢዩ ዝበልዓኒ ዘሎ" ክብል መለሰ ይብሃል። ሕጂ ንሕና ኣብ ከምኡ ዝበለ ኩነታት ኢና ዘለና። "ኣንታ እግረይ ጥራይ ኢዩ ዝበልዓኒ ዘሎ" ኣብ ምባል ኢና በጺሕና ዘለና። ቅድም "እግረይ ክበልዓኒ ከይጀመረ ከይደ ከጥፈኦ ኣለኒ" ኢዩ ነይሩ ዕላማናን ተወፋይነትናን።

እቲ ኣብ ዓዲ ዘሎ ህዝብና'ውን ነዚ ናትና ዝመስል መንፈስ ኢዩ ዘለዎ። "ጥራይ እግረይ ኢዩ ዝበልዓኒ ዘሎ" ዝብል መንፈስ። እዚ ስምዒታት እዚ ነዊሕ ጊዜ ወሲዱ። ኢሳያስ ከኣ ንኹሉ ቤተ-ሰብ ኤርትራ ኣብ ገገዝኡ ኣትይዎ፣ ሕጂ ኩሉ እግሩ ተበሊዑ። እዞም ኣብ ወጻኢ ዘለና፡ ከኣ "ኣብ ጫፍ እግርና ኢዩ ዝበልዓና ዘሎ እምበር ኩሉ ነብስና ኣይበልዓናን" ንብል ዘለና ንመስል። ስለዚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንለውጢ ቁሩብ ዝኾነ ኣካል ከምዘሎ ክንርዳእ ኣለና። እዚ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ንለውጡ ቅሩብ ዝኾነ ኣካል፡ ነዚ እንጥምቶ ዘለና ዕዮ ከሳላስሎ ክተባባዕ ኣለዎ። ንሱ ኢዩ ድማ ነቲ ስራሕ ከቃላጥፎ ዝኽእል። ኣቃልጢፉ ድማ መንገዲ ክህበና ይኽእል። እቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ኣብ ሓድሕድ ብዘይምትእምማን፡ ንናይ ኢሳያስ ዕድመ መናውሒ ኮይኑ። ምኽንያቱ እቶም ኣብ ጎኒ ኢሳያስ ዘለዉ ኣካላት፡ ገሊኦም ወይ ድማ መብዛሕተኦም ካልእ መተካእታ ክራኣዮም ስለዘይካኣለ ጥራሕ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። እዞም ብዘይ ምሉእ ፍተቶም ማለት ካልእ መተካእታ የለን ብዝብል እምነት መናዋሕቲ ዕድመ ኢስያስ ኮይኖም ዘለዉ፣

እቶም መተካእታ ኢና ዝብሉ ዘለዉ ኣካላት (ተቓውሞ ውድባት)፡ መንገዲ ኣይሃብዎምን። ስለዝኾነ ድማ፡ ካብ ዘይንፈልጦ መልኣኽ፡ ንፍልጦ ሸይጣን ይሕሸና! ይብሉ ኣለዉ ማለት'ዩ። እቶም መተካእታ ኢና ዝብሉ ዘለዉ ኣካላት ንዓኣቶም'ውን ለኪሞም ዘጥፍኡ እንተድኣ ኮይኖም፡ ብርግጽ ምስ ኢሳያስ ሙማት ይሕሸና ዝብል ምርጫ ክወስዱ። ስለዚ ወይ ምስ ኢሳያስ ክጠፍኡ ኣለዎም፡ ወይ'ውን ምስ ኢሳያስ ክነብሩ ኣለዎም። ስለዚ ንሕና፡ ኾሉ ኤርትራዊ ዘሳትፍ ባህርን ኣሰራርሓን ኢና ክንሕዝ ዝግበኣና እምበር፡ ነቲ ኢሳያስ ዝገብሮ ጌጋ ኢዩ እናበልናዮ፡ ብተግባር ግን ከም ናይ ኢሳያስ ንስርሒ እንተኾይና፡ እቲ መተካእታ ኢና ዝብል ሓሳብ ድኣ ትርጉሙ እንታይ ኢዩ? ስለዚ ነቲ ኢሳያስ ንዝገብሮ ጌጋ እንብሎ፡ ንሕና ብቑኑዕ መንገዲ ንትርጉሞ የለናን። ንኢሳያስ ብጌጋ እንውንጅሎ ምኽንያት እኮ፡ ቅንዕና ስለዘይክተል ጥራሕ'ዩ። ንሓደ ተርእዮ፡ ኣብቲ ክኸውን ከሎ ጌጋ ዝኾነሉ፡ ኣብዚ ክኸውን ከሎ ግን ቅኑዕ ዝኾነሉ ምንም ዓይነት ስነ-ሞጎት ኣይንረኽበሉን። ጌጋ ናይ ኢሳያስን ጌጋ ናይ ተቓውሞ ውድባትን መለክዓ ሎ ሓደ ስለዝኾነ፣ ብሓደ መልክዕ ለኪዕና ኢና ክንገጥሞ ዝግበኣና። ጽልእን ቂምን ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ፡ መፍረዲ ኣይኮነን፣ መፍረዲ ዝኸውን ፍትሒ ጥራሕ'ዩ።

ኣብ መንጎና ናይ ሃገራዊ ዕርቂ ሃዋሁው ክንፈጥር ኣለና። እንተዘይኮይኑ፡ ኣነ ንዓኻ ክፈርደካ እንተደኣ ኮይነ፡ ንስኻ'ውን ክትፈርደኒ ኢኻ። ሰራቒ እንተ'ለካ፡ ሰራቒ ክትብለኒ ኢኻ። ገጽ ንገጽ እናተጻፋፋዕካ፡ ሓድነት ከተርጋገጽ ኣይክኣልን ኢዩ። ስለዚ መን'ዩ ሓቀኛ፡ መንዩ'ኸ ገበነኛ ንዝብል ሕቶ፡ ብወገነይ ኣወንዚፍናዮ እንተጸናሕና ዝሓሸ'ዩ እብል። እቶም ኣብ ውሽጢ ምስ ኢሳያስ ዘለዉ ኣሕዋትና፡ እንታይ ኢዩ ገበኖም? ከመይ ኢሉ ኢዩ ገበን ክኸውን ክኢሉ? እዞም ኣብ ደገ ኣብ ተቓውሞ ዘለዉ'ኸ፡ መነኦም እዮም ጥዑያት? መኖኦም'ከ እዮም ዘይጥዑያት? ዝብል ሕቶታት ንሕግን ንስርዓትን ንሓቅነትን ንግደፎ፣ ክሳብ ብሓባር ክፈርደና ዝኽእል ፍትሓዊ ስርዓት ነረጋግጽ። ነቲ ሽግር ኮይኑና ዘሎ ስርዓት ከነውድቖ እንተኾንና እምበኣርከስ፡ ኣብ ውሽጢ ዘለዉን ኣብ ደገ ዘለዉን ተቓለስቲ (ደለይቲ ለውጢ)፡ ዘራኽቦም ድንድል ክሰርሑ ናይ ግድን ክኸውን ኣለዎ። እዞም ኣብ ደገ ዘለና፡ ነዚ ባህርያትን ጽቡቕ ኣረኣያነትን ከነርኢ ምስ እንኽእል፡ እቶም ኣብ ውሽጢ ዘለዉ'ውን ካብ ኢሳያስ ዝሓሸ ምርጫ ከምዘሎዎምን፡ እቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ድማ ኣካሎም ምዃኑን ክርእዩ ዕ ድል ክረኽቡ እዮም።

<u>**ዶክ. ዕቑባዝጊ፡-**</u> ቅሩብ መብርሂ ክውሰኽ፣ ኣነ ብደገ ክንጅምር ኣለና ክብል ከለኹ፡ እዚ ኣብ ደገ ዘሎ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ክትክእ ኣለዎ ወይ ድማ ክትክእ ክእለት ኣለዎ ኢለ ብምእማን ኣይኮንኩን። እዚ ኣብ ደገ ዘሎ ክጽሕፍ ዝኽእል፡ ክዛረብ ዝኽእል፡ ኂኽጣራነፍ ዘኽእል ዕድል ስለዘለዎ፡ ከም ሓይሊ ናይ ምድራኽን መተካእታ ሓሳብ ኣብ ምቕራብን ክህልዎ ዝኽእል ዓቕሚ ኣብ ግምት ብእታው ኢየ። ከም ሓይሊ ኮይኑ ድማ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ጠበቓ ክኾኖ ይኽእል። እዚ ክንትግብር ምስ እንኽእል እቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሓይሊ ክበራበርን ክተኣማመንን ይኽእል እሞ፡ ፍናን ረኺቡ፡ ቃልሱ ከሐይል ከዛይድን ይተባባዕ ማለተይ'የ።

<u>**ዶክ. ብርሃን፡-**</u> ብሓደ ኣለና። ኣብ ስሉስ ዓለም ዘለዉ ስርዓታት ካብቲ ምሁርን ካብቲ ቀንዲ ከፍሪ ዝኽእል ሓይሊ መንእሰይን እዮም ቀንዲ ዝፈርሑ። ኣብ ኤርትራ ክንርእዮ ከለና ከኣ እዚ ክፍሊ ህዝቢ'ዚ ኢዩ ብብዝሒ ንደገ ወጺኡ ዘሎ። እቲ መንግስቲ፡ እታ ዓዲ ብቆልዓ-ሰበይትን፡ ሽማግለን ጥራሕ ክትተርፍ ኢዩ ዝደልያ። ምኽንያቱ፡ እዚ ክፍሊ ህዝቢ'ዚ ኢዩ ክሓትትን ክቃወምን ዓቕሚ ዘይረክብ። ትምህርቲ፡ ብፍላይ ድማ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ባህርያት ኢሳያስ ኣይሰማማዕን ኢዩ። ኢሳያስ፡ ናይታ ንሱ ሙሉእ ብሙሉእ ዝቋጻጸራ፡ ብናቱ መለክዒ ዝዕቅናን ዝልክዓን ሃገር'ያ ተድልዮ። ካልእ፡ (1) ምስቲ ስርዓት ዝነብር ሰብ፡ ሰራቒ ክኸውን ኣለዎ፣ (2) ምሁር ክኸውን የብሉን ምኽንያቱ ክሓትት ስለዘይግበኦ፣ (3) ቆልዓ-ሰበይቲ ወይ ኣረግቶት ክኾኑ ኣለዎም ፈሪሖም ክነብሩ። እዚ ሕቶ የብሉን፡ ባህርያት ኢሳያስ ኢዩ።

ከፍሪ ዝኽእል ምንጪ ሓይሊ ናይ ስሉስ ዓለም፡ ካብ ሃገሩ ወጻኢ ኢዩ ዘሎ። እቲ ነታ ሃገር ክሰርሓላ፡ ክልምዓ፡ ከሰጉማ፡ ዝኽእል ሓይሊ ናብ ፈቐዶ ሃገራት ተሰዲዱ ወይ ተኣሲሩን ተሓይሩን ኢዩ። እዚ ኣብ ኤርትራ ካብ ቅድሚ ዓይንና ስዉር ኣይኮነን። ስለዚ ቅድሚ ካብቲ ዘለዎ ኩነታት ናብ ዝኸፍኣን ተመሊስካ ኽንተዐርዮ ኣብ ዘይክኣለሉን ደረጃ ዝበጽሕ፣ ንሕና ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ደላይ ለውጢ፡ ክንተኣሳሰሮን ክንራኸቦን ዝዓበየ ጻዕሪ ክንገብርን ይግባኣና ኢየ ዝብል ዘለኹ።

<u>**ነ.ኤ.፡-**</u> ምሁራት፡ ምስ ተራ ህዝቦም ርኽክብ የብሎምን፣ ካብ ንጡፍ ቃልሲ ንምድሓን ኤርትራ'ውን ሶኾሮም እዮም ይብሃል። ስለምንታይ ሶኾርኩም?

**ዶክ. ብርሃን፡-** እዚ ሕቶ'ዚ፡ ኣብቲ ቀንዲ ጉዳዩ ክትርእዮ ከለኻ፡ ምስቲ ክንብሎ ዝጸናሕና ዝተታሓሓዘ ኢዩ። ሓቂ ኢዩ ግደ ናይ ምሁር ክረአ ኣይከኣለን ወይ ክንደየናይ ተራእዩ? ኢዩ እቲ ሕቶ። ምሁርን ግዲኡን ክንብል ከለና፣ ትምህርቲ ሓደ ኢዩ፡ ዘለና ባህላዊ ቅልውላው ወይ እቲ ጉዳይ ኣመጻጻኣና ከኣ ካልእ ኢዩ። ኣሎ ትምህርቲ ኣብ ማይ ጽሩይ፣ ኣሎ ትምህርቲ ኣብ ማይ ረሳሕ። ፍልጠት ኣብ ረሳሕ ማይ ዝዓቐረ ክኸውን ይኽእል፣ ፍልጠት'ውን ኣሎ ኣብ ጽሩይ ማይ ዝዓቐረ። እቶም ምሁራት (ኣካደሚያዊ) ንብሃል፡ ፈሊጥና ኻኹን ከይፈለጥና፡ ምስቲ ዘሎ ሃዋሁው ኢና ክንጓዓዝ ጸኒሕና። ካብኣ'ቶም ከኣ ኣነ ሓደ ኢየ። እዚ ክብል ከለኹ፡ እዚ ዘሎ መሪሕነት ብግቡእ ክእለን ክትካእን ካብ ነብሰይ ጀሚርካ፡ ኣይመከትናን። ግደ ናትና፡ ነቲ ጌጋ፡ ጌጋ'ዩ ኢልና፣ ወይ ድማ ነቲ ቅኑዕ፡ ቅኑዕ'ዩ ኢልና ብሓባር ክንለዓዓል ኣይክኣልናን። እዚ ድማ ከምቲ ኣብ ረሳሕ ማይ ዝዓቐረ ማይ ኮይንና ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ፍልጠት ኣለና፡ ግን እቲ ፍልጠት ብዋግኡን ብሓቅነቱን ክንርእዮ ከለና፡ ከምቲ ዋግኡ ዝመጣጠን ክብሪ ኣይተዋህቦን።

ከም'ቲ ኣነ ይኹን ዶክ. ዑቕባዝጊ ክንብሎ ዝጸንሕና፡ ናይቲ ዝቃወም ኣድህቦ ናብ ኢሳያስ ጥራሕ ኮይኑ ጸኒሑ። እቲ ካልእ ግዕዘይ ኩሉ ድሓን ኮይኑ ወይ ሽለል ኢልናዮ። ስለዚ ክንቃወም ከለና፡ ንኢሳያስ (ሰብ) ዘይኮነስ ንጉጉይ ስራሕ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ። ዓ ማጺ ኢሳያስ ጥራሕ ስለዝኾነ ኣይኮነን ሽግርና፣ ንዝኾነ ይኹን ዓማጺ፣ ዓማጺ ኢዩ ኢልና ብሓባር ምስ እንበጽሖ፡ ብሓባር ዓማጺ ክንብል ዘይምኽኣልና ኢዩ። እዚ ኢዩ እቲ ምስላ ከም ኣብ ጽሩይ ማይ ዝዓቐረ ፍልጠትን ግደ ናይ ምሁርን። ስለዚ ግደ ምሁር ክብሃል ከሎ፡ ብቕንዓና ክሰርሕ እንተኺኢሉ ኢዩ እወንታዊ ውጽኢት ዘበርክት። ኣለዉ ምሁራት ነቲ ናይ ኢሳያስ ተግባር ኩሉ ጊዜ ዝውድሱ። ኢሳያስ ነቶም መሳርሕቱ ዝነበሩ ምስ ኣሰሮም፡ ... "ጌጋኛታት እዮም ነይሮም! ምስ ወያነ ርኽክብ ፈጺሞም! ንሳቶም... ወዘተ.. ወዘተ" እናበሉ ንምሁራዊ ክብሮም'ኳ ክሕልዉ ዘይክኣሉ ምሁራት ኣለዉ። እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ነብሶም ወሪዱ እንተዝነበር ግን በዚ መልክዕ'ዚ ኣይመቕረብዎን። ስለዚ ከምቲ ክገልጾ ዝጸናሕኩ እቲ ናይ ምሁር ሚዛን ኣጸቢቑ ዝፈላለ ኮይኑ። ስለምንታይ እቲ ኣረኣእያና ኣብ ሓቂ ይምርኮስ የለን። ኣብ ሓቂን ኣብ ጭብጥን ዘይምርኮስ ኣረኣእያ ድማ ምሁራዊ ኢዩ ክትብሎ ኣሸጋሪ ይኸውን። ኣብ ስርዓት ኢሳያስ ዝትግበር ገለ ቅኑዕ ነገራት እውን'ኮ ኣይሰኣንን ኢዩ። እንተኾነ፡ ነቲ ዝርካቡ ዝርአ እወንታ ናይቲ ስርዓት፡ ካብ መሕቢኢና ወጺእና ቅኑዕ ኢዩ ክንብሎ የሸግረና። ነቲ ቅኑዕ ምስቲ ሕማቕ ሓዋዊስና ኢና ንኹንኖ። እዚ ከኣ ናይ ጽልእን ቂምን ነጸብራቕ እምበር ናይ ምሁር ግደ ኣይኮነን። እቶም ንኢሳያስ ውግሐ-ጸብሐ ዝውድሱ እውን፡ ነቲ ናይ ተቓውሞ ድምጽን ኣውያትን ብድፍኑ ጸማም እዝኒ ይህብዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ይኹንንዎን ይውንጅልዎን እዮም። ስለዚ ብጠቕላላ፡ ምሁራዊ ግደ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ብኣካዳሚያዊ ደረጃ በጺሕናዮ ኢና፣ ብባህሊ ግን ገና ድሑራት ኣለና። ንኣብነት ኣብ ኣሜሪካ ኣለኹም፣ ንናይ ጆርጅ ቡሽ ጌጋ፡ ጌጋ'ዩ ዝብሉ ዋላ ካብቲ ናቱ ፓርቲ ይርከቡ። ስለዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ባህሊ ኣብ ሃገርና'ውን ከነታኣታቱ ይግባኣና።

**ዶክ. ዑቕባዝጊ፡-** ደርባዊ ወይ ቀጻላዊ መብርሂ ከቕርብ። እዚ ድማ እቲ ምሁር ግዲኡ ኣይተጻወተን ወይ ይጻወት የለን ኢልካ ምድምዳም፡ ቅኑዕ ወይ ርጉጽ ኮይኑ ኣይራኣየንን። ኣብ ሰውራ ኤርትራ፡ ምሁር ኣካል ኣጸቢቑ ተሳቲፉ ኢዩ። ስለዚ ምሁር ክንብል ከለና፡ ነቲ ደገ ወጺኡ ዘሎ ማለት ኣብ ሰሜን ኣሜርካ፡ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ ኣውስትራልያን ኣብ ካልኦት ሃገራትን፡ ኣይተንቀሳቐሰን ዝብል እንተድኣ ኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ጅምላዊ ዝኸውን ምዝርዛሩ ክሓይሽ ኢዩ። ቀዳማይ ነገር እቲ ኣብ ምዕ ራብ ዝነበር ምሁር ኣወጻጽእኡ ከመይ ኢዩ? ኢልና እንተድኣ ሪኢና፡ ሓደ ዓይነት ዘይኮነስ፡ ዝተፋላለየ ኢዩ። እወ፡ ብሓፈሻ ምዝራብ ኣሸጋሪ ኢዩ ድኣ'ምበር፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ክንድቲ ስምዒት ርክብን ዘይነበሮ ምሁር ወይ ምሁራን ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። ድሕሪ ሰውራ ምዕዋቱ ከኣ ዝኣተውዎ ክህልዉ ይኽእሉ፡ ንዐኦም እውን ከም ምሁራት ስለምንታይ ኣቐዲሞም ኣይተሳተፉን? ኢልካ ምኽሳስ ኣሸጋሪ ኮይኑ እስማዓኒ። ስለዚ እቲ ምሁር ዝብል ኣምር ንርእሱ፡ ቅኑዕ ኮይኑ ኣይስምዓንን። ኣብ ትምህርቲ ዓለም ዓመታት ቆጺርካ ዲግሪ ምርካብ፡ ምሁር ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ፍሉይን ናቱን ስነ-ሞጎት ኣለዎ። ታሻዓይ ክፍሊ ዝበጽሐ፡ ምስ ርሱን ስምዒቱ ኣብ ፖለቲካ ክንቀሳቐስ ይኽእል፣ ዲግሪ ሒዙ'ውን ከምኡ ክንቀሳቐስ ይኽእል። ስለዚ ዲግሪ ናይ ምሓዝ ኣይኮነን እቲ ወሳኒ። ናይ ፖለቲካ ተሳትፎ፡ ብሃገራዊ ንቕሓትን ተገዳስነት ዝምዘን እምበር፡ ናይ ግድን ዲግሪ ብምህላዉ ወይ ብምህላዋ ዝምዘን ኮይኑ ኣይረኸቦን። ኣብ ታሪኽ እንተዳኣ ሪኢናዮ፡ ታሪኽ ዝፈጠሩ ሰባት፡ ናይ ኩሎም ዲግሪ ዝነበሮም ኣይነበሩን።

ሓደ ጋናዊ፡ ጆርጅ ኣይተ ዝብሃል፡ ብዛዕባ ናይ ኣፍሪቃ ምሁራን ሓደ መጽሓፍ ጽሒፉ ኣሎ። "ሓደ ሲሶ ናይ ኣፍሪቃ ምሁር ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ኢዩ ዝነብር" ይብል። በቲ ናቱ ኣረኣእያ፡ ኣፍሪካ

ኣብዚ ዘላቶ ኩነታት ክትበጽሖ ዝኸኣለት ምኽንያት እቲ ምሁር ኣካል ተበላጽን ተሳትፎ ዘየርእን ብምዃኑ ኢዩ ኢሉ ይትንትን። ኣነ ግን ብሓፈሽኡ ኣብ ምሁር ዝብሃል ነገር እምነት የብለይን። ብወልቀ-ሰብ ደረጃ ድኣ ክንሪኦ ኣለና እምበር፣ ነቲ ምሁር ዝብሃል ክፍሊ ከም ደርቢ እንተዳኣ ሪኢናዮ፣ ከም ካልእ፣ ከም ሪሂጸ በላዕ፣ ከም ሓረስታይ፣ ከም ዝተፋላለየ ናቱ ዝምባሌ ናቱ ባህሪ ኣለዎ፣ ናቱ ረብሓ ኣለዎ። ክረብሕ ኢየ ኢሉ እንተዳኣ ዘይሓስብ ኮይኑ፣ ክሳተፍ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ እቲ ክሳተፍ ዝኽእል፣ ካብቲ ውልቃዊ ረብሕኡ ወይ ደረጅኡ ወጺኡ ብዛዕባ ህዝቡ ክሓስብ እንተድኣ ኪኢሉ ኢዩ።

<u>ነ.ኤ.-</u> (1) ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና፣ ኣብ ህዝባዊ ግንባር፣ ምሁር ተበለጺ! ደርቡ ዘይፈሽኸ! እናተባህለ ብዙሕ ተዳሂሉን ተናሽዩን ኢዩ። ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እውን እንተኾነ፣ ዋላ በቲ ናይ ህ.ግንባር ደረጃ ምናልባት ኣይንበር፣ ነቲ ምሁራዊ ሞያኦም ዘገልግል ትካል ኣይነበረን። እዚ ሽግር እዚ ከም ተመኩሮ፣ ኣብቲ ምሁር ክፍሊ ኣሉታዊ ጽልዋ ገይሩ'ዶ ክንብል ንኽእል?
(2) ሓደ መሪሕነት፣ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይታ ሃገር ዝምልከት፣ ምሁራዊ ዓውደ-መጽናዕቲ ኣብ ዘይብሉ ሃዋሁው ከመይ ገይሩ ንሃገር ክመርሕ ይኽእል?

<u>ዶክ. ብርሃን፦</u> እወ፣ ዝተመስረተ መገልገሊ ስራሕ (institution) ኣይነበረን። ግን ሓደ ነገር ኣሎ ዋላ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ እንተኾነ፣ መሊሰ ክገልጾ። ክፍጠር ዘለዎ ባህሊ ኣሎ። እቲ ትምህርቲ'ውን ሓደ ስራሕ ኢዩ። ግን ምስ ህዝብና ክህልወና ዝግበኦ ናይ ቀረባ ምትእስሳር፣ ኣብ ሓድሕድና ክንገብሮ ዝግባኣና ዝነበረ ርክክብን ዝምድናን፣ ኣብ ሓድሕድና ዘለና ናይ ሓሳብ ምቅይያርን ምጽውዋርን ምልስ ኢለ እንተርእየዮ፣ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ዛሕቲልና ከምዘለና እግንዘብ። ኣብ ሕብረተሰብና፣ ንሕጊ-እንዳባ ምስ እንምልከቶ፣ ብዙሕ ዓይነት ስርዓታት ከምዝነበረና ንማሃር። ኣብቲ ዘካየድናዮ ቃልሲ ንዕኡ ትንሳኤ ክንገብረሉን ከነጠጦየን ኣይከኣልናን። ንዕኡ ደርቢና፣ ሓዱሽ ካብ ባዕዲ ከነታኣታቱ ክንብል፣ ነቲ ዘበገስናዮ ሃገራዊ ቃልሲ ሰረት ስለዘይሓዝናሉ፣ ኣብ ቅልውላው ኣቲና። ንኣብነት ዴስነት፣ ኣብቲ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲና ይኹን ዝሰዓበ ዓመታት፣ ደሚቑን ተኾሊዑን ኢዩ ይረአ ነይሩ። ክንደየናይ ካብኡ ፈሊጥና? ክንደየናይ ካብኡ ተርጒምና ብግቡእ ንርደኦ ኔርና? ዝብል ሕቶ ካልእ ኢዩ። ግን ክንደየናይ ተጠቒምናሉ? ክንደየናይ'ከ ኣስሪሑና? ንዝብል ግን እቲ ውጽኢቱ ኩላትና ንርደኦ ጉዳይ ኢዩ። ስለዚ ኣብቲ ንጥቀመሉ መሳርሒ መዐቀኒ ወይ መስፈሪ ኣይገብርናን። ንዝኾነ ስራሕ መስፈሪ ኣለዎ። ንሕና እምባኣር ኣብ ዕዮና መስፈሪ ስራሕ ኣይገበርናን።

ሓደ መዓልቲ ምስ ሓደ ዓርከይ ብዛዕባ ሓደ መራሒ ኣልዒልና ከነዕልል ጀመርና። እቲ ዘሎዓልናዮ መራሒ ኣብ ቃልሲ ንነዊሕ ዓመታት ከምዝገበረ ዘከርና። ኣብ መወዳእታ፣ ንሱ እምብለኒ "ሓደ ሰብ ኣብ እንዳ ሻሂ ንዕስራ ዓመታት ኣብ ሱርያ ወይ ሱዳን ይቃለስ ኣሎኹ ኢሉ ንዕስራ ዓመታት ኮፍ ስለዝበለስ፣ እዚ ኩሉ ዓመታት ኣብ ቃልሲ ኣሕሊፍዎ ክንብሎ ንኽእል ኢና?" ይብለኒ። ኣነ ድማ "በቲ ናይ ቀደም ስምዒት ዝድረኽ ነይረ እንተዝኸውን ምተባኣስኩ ኔረ ምሳኻ፣ ግን በዚ ሕጂ ዘለኒ ስምዒት ክመዝኖ ከለኹ ግን ሓቅኻ ኢኻ" ኢለዮ። ምኽንያቱ ስራሕ መስፈሪ እንተዘይብሉ፣ ስራሕ ኣይኮነን። እንታይ ትሰርሕ ኣለኻ ክትፈልጥ፣ ክትሰፍሮ ክትክእል ኣለካ። ሰቕ ኢሉ ክዛረብ እናዋዓልኩ ከም ስራሕ ዝወስዶ እንተኾይኑ ግን፣ ብላሽ ኢየ ዝሓፍስ፣ ትርጉም የብሉን። ነዚ ምልስ ኢልና ኣብ'ቶም መራሕትና ክንርእዮ ንኽእል።

ስለዚ ከም ህዝቢ ነዚ ባህሊ'ዚ ከነዕቁብ እንተኾይንና፣ ስራሕና መስፈሪ ክንገብረሉ ኣለና። ኣብ ዲሞክራሲ ዝሰርሓሉ ሃገር፣ ነቲ ስረሖም መዐቀኒ ዝኾውን መሳርሒ ኣሎ። ኣማኸርቲ ኣለውዎም። ኣጽኒዮም ዘቕርቡ ኣካላት መማዓራረዩ ዝኾውን ሕግታት ዝኽእተልዎን ኣለዎም። ንሕና ኣብዚ ደረጃ'ዚ ክንበጽሕ እንተኾይንና፣ እቲ መራሕትና ዝሰርሕዎ ስራሕ ወይ ፍርያት እንታይ ምዃኑ ክንፈልጥ፣ ንሳቶም'ውን እንታይ ከምዘፍረዩ ንክፍልጡ ዘኽእል መስፈሪ ክንገብረሉ ይግባእ።

<u>ዶክ. ዑቕባዝጊ፦</u> ጽቡቕ። ከም'ቲ ኣብ'ቲ ሕቶ ዝተጠቕሰ፣ እቲ ምሁር ኤርትራዊ፣ ተበላጺ! እናተባህለ ተዳሂሉ ኢዩ። ካብ ቀደም ካብ ሰብዓታት ጀሚሩ፣ ምሁር ኣብ ህዝቢ ተኣማንነትን ተቐባልነትን ከምዘይህልዎ ዝንቀሳቐስ ሓይሊ ተቐልቂሉ። ዋላ ሕጂ'ውን እንተሪኢናዮ ከም'ቲ ዶክ. ብርሃን ዝበሎ፣ እዚኦም ድኣ ዘይወያነ እዮም! ብወያነ ዝተገዝኡ እዮም! እናተባህለ ሓያል ጎስጓስ ክካየድ ጸኒሑ'ዩ። ነዚ ዝፈርሑ ሰባት ኣነ ዝፈልጦም ኣለዉ። ወጺኦም ኣብ ቃልዕ ክዛረቡ ዘይደልዩ፣ ሽሞም ብመንግስቲ ኤርትራ ብሕማቕ ክስመ ዘይደልዩ ኣለዉ። ስለዚ እዚ ሃዋሁው'ዚ ነቲ ምሁር ኣካል፣ ንኽንቀሳቐስ ዕንቅፋት ኮይንዎ ጸኒሑ ኢዩ፣ ሕጂ እውን ግና ዕንቅፋት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ብዛዕባ ጉሰይቲ ህዝቢ፣ ናይ ምምራሕን ምጥርናፍን ካብ ተፈጥሮ ወይ ድማ ብተመኩሮ ናይ ዝቐሰሙ ለባማት፣ በዚ ናይ ምዕራብ ኣበሃህላ (public intellectuals) ኢና ንዛረብ ዘለና።

ብሓፈሽኡ ምሁር ብምባል ጥራሕ ዘዋጽእ ኮይኑ ኣይስማዓንን። ምኽንያቱ፣ ምሁራት ፒ.ኤች.ዲ (PHD) ዘለዎም፣ ሎሚ ምስ ኢሳያስ ኮይኖም ዝስዕስዑ፣ ዝሰርሑን ኣጆኻ ዝብልዎን ኣይብዝሑ ድኣ'ምበር ኣለዉ። ስለዚ ምሁር ዝብሃል ጅምላዊ ኣቀራርባ ዘይኮነስ፣ ብዛዕባ እዞም ሓለይትን ጓሰይቲ ህዝቦምን ማለት ናይ ግድን ዲግሪ ዝሓዙ ዘይኮኑስ፣ ዝዓቕሞም ትምህርቲ ዝቐሰሙ ኮይኖም፣ ናይ'ቲ ህዝቢ ድልየት ተረዲኦም፣ ናቱ ተጣበቕትን ተኻላኸልትን ዝኾኑ ኤርትራውያን ስለምንታይ ውሒዶም ዝብል ሕቶ ኣልዒልና ክንዛረብ እግባኣና። እቲ መንግስቲ ጥራይ ኣይኮነን ጸረ-ምሁራን። ንሕና ኣብ ሓድሕድና ናይ ምንሻውን ብጸለመ ምጥቃንን ዝኣመሰለ ሕማቕ ባህሊ ኣለና። ነሓድሕድና ኣብ ደገ ዘለና'ውን፣ ኣይንተሓጋገዝን፣ ኣይንደጋገፍን ኢና። ስለዚ ምዕቡል ባህሊ ከነታኣታቱ ጻዕሪ ከነካይድ ግድን ክኸውን ኣለዎ።

ከም ኣገዳሲ ድማ መሳርሒ ዝኾና ትካላት (institutions) ክፍጠራ ኣለወን። እዚ ከኣ እቲ ኣብ ደገ ዘሎ ምሁር ናይ ግድን ብፖለቲካዊ ጉዳይ ጥራሕ ክጥርነፍ የብሉን። ብከሚስትሪ፣ ብሳይንስ ዘለዉ ነንሓድሕዶም ተራኺቦም ንህዝቢ ኤርትራ ዝጠቅም ምርምር ክገብሩ፣ ብስነ-ማሕበር (sociology) መጽናዕቲ ጌሮም ብዛዕባ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ክትንትኑ፣ ብቑጠባ፣ ብሕርሻ፣ ብናይ ኣግራብ ጉዳይ ... ብዝተፋላለየ መኣዝናት ርኽክባት እናተኻየደ ሓሳብ ንሓሳብ ምውህሃብን ክንጅምሮን ክንትግብሮን ይግባኣና። ምቅላስ ከኣ ፖለቲካዊ ጥራሕ ማለት ኣይኮነን።

<u>ዶክ. ብርሃን፣-</u> ከምቲ ዶክ. ዑቕባዝጊ ክብሎ ዝጸንሐ ልምዓት ናይ ሃገር ብሓደ ሸነኽ ጥራሕ ኣይኮነን ዝመጽእ። ኩላትና በብክእለትናን በብዘለና ዓቕሚን፣ ኣስተዋጽኦ ክንገብር ዝግባእ። ንኣብነት፣ ከምቲ ኣብ ሕቶ ዘቕረብካዮ ጸጋይ፣ ሓደ መራሒ ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ መደብ ከውጽእ ክሓስብ ከሎ፣ እቲ መወከሲ ክኾኖ ዝኽእል ክረክብ ኣበይ ኢዩ ዝኸይድ? ንመን ኢዩ ክሓትት ዝግበኦ? ብዛዕባ ጉዳይ ናይ ህዝቢ ክፈልጥ እንተኾይኑ ናብ መን ኢዩ ቁሊሕ ክብል ዝግበኦ? ብዛዕባ ናይ ሳይንስ፣ ብዛዕባ ከባቢያዊ (environment) ጉዳይ ንመን ኢዩ ዘውክስ? እዚ ልምድን ባህልን'ዚ፣ ከም ኣሰራርሓን ባህልን ከነታኣታትዎ ዘለና ጽቡቕ ልምዲ ኢዩ። ግደ ናይ ምሁር ከምዚ ዶክ. ዑቕባዝጊ ክትንትኖ ዝጸንሐ፣ ኣትኩርኡ ናብቲ ዝፍጸም ግዕዘያት ዘይኮነሲ፣ ሓላፍነቱ ምብርካት ኢዩ። ኮታስ ትምህርቲ ሓላፍነት ኢዩ። ሓላፍነት ብቕጽበት ተሳቲፍካ ኣበርክቶ ምግባር ዘይኮነስ፣ እቲ ዝረኸብካዮ ፍልጠት፣ ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓሉን ናይ ምትርጓሙን እጃምካ ምብርካት ኢዩ። እቲ ዝብርከት ፍልጠት ብደረጃ ኣህጉራዊ ኣስተዋጽኦ ዝምዘን ስለዝኾነ፣ ዋጋ እውን ኣለዎ። ሞራላዊን ኤቲካውን (ስነ-ሞራል) ጉዳያት ምሳኻ ኮይኖም እዮም ዝጓዓዙ። ስለዚ እቲ ኩሉ ሞያታት በብናቱ ተጋጣጢሙን ተዋሃሂዱን ክሰርሕ እንከሎ፣ እቲ ሃብትን ምዕብልናን ሃገር ንቕድሚት ይውንጨፍ። ከም ኣብነት ክንጠቕሶ እንኽእል- ኣነ ኣብ ኣወስራልያ ኣብ ናይ ግሪን(Green movement) ምንቅስቓስ ኣባል ኢየ። ጉዳይ ናይ ከባቢያዊ (environment) ኣብ ሃገርና ኣብ ሕቶ ኣይኣቱን ኢዩ። ከም ኤርትራውያን ኣይነስተብህለሉን ኢና። ኮታስ ኣብ ኣይትንካእ ኣይትስበር ፕላኔት (ክፍሊ-ዓለም) ንነብር ዘለና ጌርና ኢና ነዕልል። እቲ ካልእ ሕቶታት ኢዩ ዘገድሰና እምበር፣ እቲ ንኽነብር ዝሕግዙ ኣገደስቲ (critical life supporting) ረቛሒታት ከቢያዊና ጉዳያትና ኣይነስተብህለሉን ኢና፣ ወይ ካብ ዘይምፍላጥ ይኸውን ግን ሸለል ኢልናዮ ኢና ንኸይድ ዘለና። እዚ ድማ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ጠንቅታት ናይ ህልዉ ሽግራትና ምኳኑ ኢዩ። እቲ ንሽግርና ክደራረብ(compounded) ዝገብሮ ዘሎ ምኽንያት እዚ ዓይነት ረቛሒታት ስለዘለዎ ኢዩ። እዚ ክብል ከለኹ፣ ሽግርና ኢሳያስ ጥራሕ ኣይኮነን ማለተይ ኢዩ። ኣብ ቦታ ኢሳያስ፣ መሓመድ ወይ ተመስገን እንተምጻእና፣ እቶም ካልኦት ረቓሒታት ዝበልኩዎም ኣብ ዓራት ደቂሶም ኩሎም ይጽበዩና ኣለዉ። ነቲ ንጉሆ-ንጉሆ ጥምየት ንክስፋሕፋሕ ዝገብርዎ ዘለዉ ሽግር፣ ናይ ከባብያዊ (environmental)፣ ናይ ትምህርቲ፣ ማሕበራዊ፣ ጉዳያት፣ ኣዝዮም ውዕዉዓት ዝኾኑ ሕቶታት እዮም ኣብ ኤርትራ። እንተኾነ ከም ሕቶታት ንርእዮምን ንዝተየሎምን የለናን። ጽባሕ ንዝብጽሑ ከኣ ሎሚ ኢዩ ምቅርራብ ክግበረሎም ዝግባእ።

ስለዚ ኩሉ ሞያታትን ትምህርትን ኣለና። እዚ ሞያታትን ትምህርትን እዚ ግን፣ ከከም ዓይነቱን ኣድላይነቱን ተራእዩ፣ ዝዕየየሉን ዝስራሓሉን እንተዝነብር፣ ንጽባሕ ዝኸውን ጉዳያት ሎሚ ክንምልሶ ምበቓዕና ኔርና ማለት ኢዩ። ጉዳይ ኢሳያስ ግን፣ ሎሚ ወይ ንዓመታ፣ ወይ ድሕሪ ገለ ዓመታት ክምልስ ክኽእል ኢዩ። እቲ ምስቲ ናይ ኢሳያስ ተጣናኒጉ ዝኸይድ ሽግራትን ግን፣ ከይተንከፍናዮ ተወንዚፉ ኮፍ ኢሉ ኣሎ። ስለዚ ጥምየት ደኹን ሕማም ክቕጽል ኢዩ። እዚ ሽግር እዚ ድማ ከም ሃገራዊ ሽግር ኣብ መንእሰያትና ዝዓረፍ ጸገም ኢዩ። ንሕና ኣይመለስናዮን፣ ክንምልሶ'ውን ኣይበቓዕንን ክሳብ ሕጂ። ስለዚ መወዳእታ ዘይብሉ ቀጻሊ ኢዩ ክኸውን። ብሱል መራሒ ወይ ድማ ብቑዕ መራሒ፣

ክርእዮ ዝኽእል ነዚ ሽግራት'ዚ ኢዩ። ሕጂ ዘድልየና ዘሎ ድማ እዚ ኢዩ።

**ዶክ. ዑቕባዝጊ፥-** ኣብዚ እዋን ክንቃለሰሉ ዝዕድም ጽቡቕ መድረኽ ኮይኑ ዝራኣየኒ፡ ነቲ ኣብ ፈቖዶ ሃገራት ኣብ ናይ ስደት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ዝነብር ዘሎ ህዝብና'ዩ። ነዚ ህዝቢ'ዚ ከመይ ጌርና ክንሕግዞ ንኽእል? እዞም ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ንኹን ኣብ ኣውስትራልያ እንነብር ኤርትራውያን ማሕበር ኣቝምና ነዞም ኣብ ሱዳንን ኣብ ኢትዮጵያን ዘለዉ፣ ንሊብያ ክሰግሩ ኣብ ምድረ-በዳ ዝጠፍኡ ዘለዉ፣ ንወጻኢ ክሰግሩ ክብሉ እዚ ዘይብሃል ጸገም ኣብ ባሕሪ ዘጋጥሞም ዘሎ ኣዝዮም ብዙሓት ኣሕዋትና፡ ክንሕግዝ ንኽእል ኮይኑ እስማዓኒ። እዚ ከም እምነተይ ሓደ መድረኽ ናይ ቃልሲ ኢዩ። ኣብዚ ጉዳያት እንተንተሓባበር ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ምስ ዘሎ ህዝብና እውን ከራኽበና ድንድል ክኾነናን ምኽኣለ።

**ነ.ኤ.-** እዚ ምሁራዊ ዓቕሚ፡ እቲ ምሁራዊ ሞያ፡ ኣብ ኩሉ ጽፍሒታት ማለት ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ፡ ኤኮኖሚያዊ ምዕብልና፡ ኣብ ተክኖሎጂ፡ ኣብ ሳይንስ ወዘተ.. ኣሎ። ብጥርኑፍ ብዙሕ ከሳላስል ዝኽእል ክንሱ ግን ኣይራኽብን ኢዩ፣ ዘራኽብ መስኖታት እውን የብሉን። ኣብ መንጎ ግዱሳት ምሁራን ኤርትራውያን መራኸቢ ዝኸውን መስኖታት ከመይ ጌርካ ክፍጠር ምተኻእለ ይመስለኩም?

**ዶክ. ዑቕባዝጊ፥-** ዶክ. ብርሃን ዘርዚርዎ ነይሩ ኢዩ። እዝክረኒ Eritrean studies Association መጀመርያ ክፍጠር ከሎ፡ ከምዚ Eritrean profecianal Association ብዝል ስም ዝተበገሰ ኮይኑ እስማዓኒ (ኣብ ሲያሜ እንተዘይተጋግየ)። ስሙ እናተቓያየረ ኣብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ይርከብ። ግን ኣብ ዓመት ዓመት ተራኺብካ፡ ኣዕሊልካ ወይ ወረቓቕትኻ ደርቢኻ ምኻድ እምበር፡ ክንድቲ ዘማዕብል ኣገባብ ሒዙ ክኸዓ ዝ ኣይረኣኽዎን። ስለዚ እቲ ክምዕብልን ከማዕብልን ዝኽእል ማሕበር ብንእሽቶ ክጅመር ኣለዎ። በብዝተማህርዎ ሞያ፡ ብጉጅለታት ተጠርኒፎም፡ ነቲ ኩነታት ናይ ኤርትራ ብግቡእ ምጽናዕ፣ ካብኡ ብምንቃል ድማ፡ መፍትሒ ምርካብ። እዘን ንኡሳን በብሞያኦን ዝተጠርነፉ ጉጅለታት፡ እናዓበያን እናሰፍሓን እንተድኣ ከይደን፡ ኣብ ሓድሕደን እውን ክራኸባሉ ዝኽእለን መስኖ ክኸፍታ ይኽእላ እየን። ኩሉ ሰብ ኣብ ፖለቲካ ክሳተፍ ኢልና ክንጽበ የብልናን። እዚ ኩሉ ምሁር ብሓንሳብ ተጠርኒፉ ሓደ ነገር ክገብር ኣለዎ ዝብል ሓሳብ፡ ዘይከውንን ዘይሰርሕን ነገር ኢዩ። ከምኡ'ውን፡ ብናይ ማሕበር ስደተኛታት፡ ማሕበር ኣካለ-ስንኩላን/ውጉኣት ሓርነት፡ ዝኣመሰላ ማሕበራውያን ግብረ-ሰናያት ምንቅስቓሳት እውን ክፍጠራ ይኽእላ። ስለዚ በብተፍርየሉን በብዝመስለካን እናተወደብካ፡ ብዙሓት ማሕበራት ክምስረታ ይክኣል።

**ዶክ. ብርሃን፥-** ዶክ. ዑቕባዝጊ ክብሎ ዝጸንሐ ሓቂ ኢዩ።፡ ሃገር ክብሃል እንተድኣ ኮይኑ፡ ሃገር ሓባራዊ ኣስተዋጽኦ ናይ ኩላትና ደቂ ሃገር ይሓትት። ኣብ ሓደ መዳይ ብምትኳር ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ብምጥማት። ኣብ መገሻይ ዘጋጠመኒ ነገር ከካፍለኩም። ሓደ ጊዜ ኣብታ ዝገሸላ ዝነበርኩ ነፋሪት፡ ኣብ ቢዝነስ ክላስ ኢየ ነይረ፡ ሕጂ ምስታ ምሳይ ኮፍ ዝበለት ሰበይቲ ነዕልል ኔርና። ሓደ ዕላል ወዲእና ብካልእ እናተካእና ብቐጻሊ ነዕልል ኔርና። ሓደ ካብቲ ዕላል፡ ጉዳይ ቤተ-ሰብ ዝብል ነይሩ። ሕጂ ብዛዕባ ቤተ-ሰባ ክትገልጸለይ ከላ፡ ክልተ ኣዋልድ ደቃ ከምዘለዋኣ ድሕሪ ምቕባር፡ "እታ ሓንቲ መጠን ዝሓለፈ ድልየት ናይ ትምህርቲ ዘለዋ ኢያ። እታ ካልኣይቲ ግን፡ ትምህርቲ ዝብሃል ከምዘሎ'ውን ክትፈልጥ ዘይትደሊ ኢያ። ድሕሪ ብዛዕባ ኣድላይነት ትምህርቲ ክገልጸላ ኢለ ምፍታን፣ ኣብ መወዳእታ ሓደ ነገር ክርዳእ ክኢለ። ንሱ ድማ እዛ ሃገር ኰስታራይ እውን የድልያ ኢዩ፣ ኩሉ ዶክተር ጥራሕ እንተኾይኑ፡ ሃገር ክትጥቀም ኣይኮነትን። ስለዚ ኣብ ሃገር ኰስታራይን ዶክተርን ክህሉ ኣለዎ። ስለዚ ንሃገረይ ክልቲኡ ዓይነት ስራሕ ክሰርሓ ደቀይ የወፍየላ ኣለኹ ነብሰይ ኣዕጊበ" ክትብል ዝተመኮሮቶን ሪኢቶኣን ኣካፊለትኒ። መስሓቕ ይመስል ግን መልእኽቲ ዘለዎ ዕላል ኮይኑ ረኺበዮ። ስለዚ ሃገር ክንሃንጽ እንተኾይና፡ ኩሉ መዳያት ሃገርና እትጠልቦ ክእለትን ብቕዓትን ናይ ዜጋታት የድልየና ኢዩ። እዚ ክእለታት እዚ ብብሞይኡ ክምዕብልን ክስስንን ከኣ ሃዋሁው ክንፈጥር ኣለና። መሪሕነት ዝብሃል ከኣ ነዚ ጓስዩ፡ ጠርኒፉ፡ ኣኽቢሩ፡ ናይ መጻኢ ተስፋ ዘርኢ ኢዩ። ነዚታት ንጎድኒ ገዲፍና ወይ ረሲዕና፡ ኢሳያስ... ኢሳያስ ጥራሕ ምስ እንብል፡ ብዙሓት ኢሳያሳት ብሕጂ ንኽፍጠሩ ዕድል ናብ ዝኽፈት ኣንፈት ኢና ከነምርሕ። ኢሳያስ ብዕድሚኡ ነባራይ ኣይኮነን፡ ግን እቲ ንዕኡ ክፈጥርን፡ ንዕኡ ከዕቁብን ዝኻኣለ ባህልን ኣሰራርሓን ኣሚን ኢልና ክንሓቕፎ እንተኾይናና፡ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ኢሳያስ እውን ክፍታሕ ኣይኮነን። ስለዚ ንእውንታ ኣስተዋጽኦ ናይ ኤርትራውያን እናተባባዕካን ኣጆኻ እናበልካን፡ ኣርኣያን ምሳሌን እናኾንካን፡ ብሓባር ናይ ምስጓም ባህሊ ከነጥሪ ኢዩ መድረኽ ዝዕድመና ዘሎ።

**ዶክ. ዑቕባዝጊ፥-** መሪሕነት ክንብል ከለና፡ ነቲ ኣብቲ መንግስቲ ላዕለዋይ ስልጣን ንዝሓዘ ጥራሕ ዝምልከት ኣይኮነን። መሪሕነት ኣብ ታሕቲ ክጅመር

ኣለዎ። ስለዚ ካብዚ ኣምር'ዚ ክንርዳእ እኽእል፣ ንኢሳይስ ክንወቅስ ከለና፣ ንርእስና'ውን ንወቅስ ኣለና ማለት'ዩ። ምኽንያቱ፣ ብወገና እንታይ ዓይነት መሪሕነት ኣቕሪብና? ብወገንና ዝሃንጽናዮ ወይ ዘዳለናዮ መሪሕነት ኣሎዶ" ንዝብል ሕቶታት ክንምልስ ስለዝግበኣና። ነቓፊ ጥራሕ ምዃን ቀሊል ኢዩ፣ ግን ንቕድሚት መጺእካ ሓላፍነት ምውሳድ፣ ኣዝዩ ዝኸበደ ነገር ኢዩ።

<u>ዶክ. ብርሃን፡-</u> ምድግጋም ድኣ ከይከውን እምበር፣ እወ፣ እቲ ጻዕሪ ካብ ነፍስና ክጅምር ኣለዎ። ሓንቲ ዋዛ ምስ ቁም-ነገረ ከዕልለኩም። ሓደ ቀሺ ኣብ ዕለት ሰንበት ኣብ ቤተ-ክርስትያን ይሰብኽ ነይሩ። "በጃካትኩም ንድኻታት ሓግዙ፣ መጽውቱ" እናበለ ይምዕድ ነበረ። ኣብቲ ውሽጢ ቤተ-ክርስትያን ዝነበረ ለማናይ፣ ነቲ ቀሺ ብዝያዳ ጽን ኢሉ ይሰምዖ ነይሩ። እቲ ስብከት ምስ ተወደአ፣ እቲ ለማናይ ደድሕሪ እቲ ቀሺ ስዒቡ ኣብ ገዝኡ ኣርከቦ። ኣብቲ ገዛ ናይ ቀሺ ኳሕኵሑ "እዝጊሄር ይሃብኩም" ኢሉ ለመነ። ሽዑ እቲ ቀሺ "ኣነ እኮ ንዓኻ ክህበካ ኢየ ኣይበልኩን፣ ኣነ ሃቡ ኢየ ይብል ነይረ" ኢሉ መለሰሉ ይብሃል።

ንዝኾነ ጉዳይ ኮፍ ኢልካ ንክትዛረበሉ ወይ ንሰማዓይ ከተማሓላልፎ ቀሊል ኢዩ፣ ተመሊስካ ነፍስኻ ምስ እትሓትት ግን፣ ነቲ ሕቶ ክትምልስ ክሳብ ክንደይ ብቑዕ ኢኻ ንዝብል ኣብ ምምልስ ይኸብድ። ንካልኦት ክትሓትት ቀሊል ኢዩ፣ እቲ ነገር ኣብ ነብስኻ ምስ መጸ ግን ሓያል ኢዩ። ግን ንነፍስና ተሓተቲ ኰይና ክንቀርብ እንተበቒዕና፣ ክንሓትት'ውን ኣይከጸግመናን ኢዩ። ስለዚ እቲ ዘለናዮ ሃዋሁው ንቃልሲ ምቹእ ኢዩ ናይ ገዛእ ርእስና ጸገም እንተዘይዓንቂፉና። ንነብስና፣ "ኣነ እታ ትካኣለኒ ንሃገረይ ከበርክት ኢየ" ኢልና በብዘለናዮ ክንብግስ እንተበቒዕና፣ ንህዝብናን ንሃገርና ከነድሕንን፣ ንቕድሚት ናብ ምዕብልና ከነሳጋግሮን ምሉእ ብቕዓት ኣለና።

# ቃለ-መጥይቕ ምስ ወይ/ሮ ማና ሙሴ

*ተጋዳሊት ተሓኤ/ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝነበረት*
*ተጣባቒት መሰላት ደቂኣንስትዮ ዲሞክራሲያዊ ግምባር ኤርትራ - ሳግም*

<u>ነ.ኤ.፡-</u> ቅድሚ ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሩ ኩነታት ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ከምይ ይመስል ኔሩ?

<u>ወይ/ሮ ማና፡-</u> ጓል ኣንስተይቲ ዓንዲ ማእከል ሕ/ሰብ እያ። ዓንዲ ማእከሉ ዘይደልደለ ገዛ ክቐውም ኣይክእልን፣ ጉዳይ ጓል ኣንስተይቲ ረጊጹ ክነብር ዝፍትን ስርዓት ወይ ውድብ ከኣ መዋእል የብሉን። ካብታ መባእታዊት ኣሃዱ ሕ/ሰብ ዝኾነት ስድራ-ቤት ጀሚሩ ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳያት ዝያዳ ኣብ ገሊኡ ድማ ማዕረ ኣበርክቶ ኣለዋ። ጓል ኣንስተይቲ ምንጪ ሂወት ሕ/ሰብ ጥራሕ ዘይኮነትስ፣ ኾኒሉቲ ንስድራኣን ንህዝባን ንሃገራን ዘጋጥም ሽግራት ንምፍትሕ ብኹሉ ዓቕማ እትውፈ መድሕን እያ። ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ እሞከኣ ሓለፉ ኣለዋ፣ ጓል ስልጣኔን ሃብታም ውርሻን ስለዝኾነት እቲ ብወለዶታት ዝተሃንጸ ስልጡን ባህልን ተባላሓትነትን ብጻዕራን ድኻማን ስለ ዝተረጋገጸ፣ ሰፊሕ ልቦና ዘለዋ፣ ጸዋር፣ ኣርሒቓ እትጥምት፣ ኣፍራይትን ዕውትን ድልድልቲ ዓንዲ ማእከል ሕ/ሰብና እያ።

ኢጣልያዊ መግዛእቲ ዳርጋ ንኹሉ ዓቕሚ ዝነበሮ ወዲ ተባዕታይ ብግዲ ከዐስክሮ እንከሎ፣ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ናይ ስድራኣን ሕ/ሰባን ሓላፍነት ተሰኪማ ንኹሉ ዕማማት ባዕላ ክትዓሞን፣ ደቃን ስድራኣን ሓብሒባ ካብ መጻብቦ ናብ ራህዋ ንኽሰጋገር ወሳኒ ገደ ኣበርኪታ። ሳላቲ ጻዕራን ጽሮታን ከኣ ሕ/ሰብ ኤርትራ መንነቱን ታሪኹን ስልጣኔኡን ዓቂቡ ህያው ዝኾነ ኤርትራውነት ክነብር ክኢሉ።

<u>ነ.ኤ.፡-</u> ኣብ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ከመይ ኔሩ?

<u>ወይ/ሮ ማና፡-</u> ብሰንሰለታዊ መግዛእቲ ዝወረደ ኣደራዕ ቀዳመይቲ ተጠቃዒት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ እያ ኔራ። ስለዚ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ዝወደቐ መግዛእቲ ንምውጋድ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ፣ እቲ ዝዓበየ ዕማም ኣብ ዝባና እዩ ኔሩ። ብተወሳኺ ነቲ ከም ጓልኣንስተይቲ ኣብ ልዕሌኣ

ዝተጻዕነ ማሕለኻታት ድሕረት ክተወግድ ስለዝነበራ፣ ነቲ ኣብ ሃገርና ዝተኣታተወ ናይ ዘመናዊ ትምህርቲ ዕድላት ተጠቒማ ድርብ ዕላማታታ ንምዕዋት ብትሪ ተቓሊሳ።

ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ምስ ተሰጋገረ፣ ጓል ኣንስተይቲ ኣብቲ ጽንኩር ዕማም ኣብ ገጠራትን ጽንኩር ቦታታትን ጸዋሪት ናይቲ

ብረታዊ ቃልሲ ኔሩ። ከምቲ ዓሳ ብዘይማይ ክነብር ዘይክእል፣ ሰውራ ኤርትራዉን ህይወቱ ኣብ ሓርበኛዊት ኣደ እዩ ኔሩ። ኣብ ማእከል መደበር ጸላኢን ከተማታትን ሰውራዊ ዕማማት ብምስልሳል ንጸላኢ ከም ፍልሖ ኮይና ክተቖንቁኖ ዓቢ ግደ ተጻዊታ። መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጲያ በቲ ድሑር ኣባታዊ ኣተሓሳስባኡ ንብቕዓታ ክርድኦ ኣይክእልን ስለዝነበረ፣ ኣብ ከተማታት ናይ ስርርዕ መርበብን፣ ናይ ምንቕቓሕን ምልዕዓልን፣ ሓበሬታ ጸላኢ ኣብ ምእካብን፣ ናይ ከተማ ተዋጋእቲ (ፈዳዪን) ኮይና ተቓሊሳ። ጅግንነታዊ ናይ ቃልሲ ዕማማት ክፍጽማ ዝተታሕዛ፣ ኣብ ጨካን ቤት-ማእሰርቲ ጸላኢ ብዘስካሕክሕ ናይ ኣካልን ናይ ሕልናን መግረፍቲ ዝተቐጥቀጣን ዝሰንከላን፣ ሂወተን ከፊለን ዝተሰውኣ ብዙሓት እየን። ናብ ሜዳ ዝተሰለፋ ክኣ ምስ ብጾተን ብረት ተሰኪመን ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ቃልሲ ተሳቲፈን።

ነ.ኤ.፡- ኣብ ሰልፊ፣ ኣብ ሜዳ ኩነታት ደቂኣንስትዮ ከመይ ኔሩ? እንታይ ጸገማት ኣጓኒፉወን? እንታይከ ኣፍርየን?

ወይ/ሮ ማና፡- ኣብ መጀመርያ ደቂኣንስትዮ ብምሉእ ድሌትን ዕግበትን ብወለንትነአን እየን ንሜዳ ተሰሊፈን። ናይ ደቂኣንስትዮ ንሜዳ ምስላፍ፣ ብመንጽር እቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ግደ ድቂኣንስትዮ፣ ሓዲሽ ምዕራፍ እዩ ኔሩ። ይኹን እምበር እቲ ውድባት ይኹን መሪሕነታቱ ነቲ ምዕባሌ እቲ ቅሩብ ኣይነበረን። እቲ ተወፋይነትን ስልጡን ሃገራዊ ናይ ቃልሲ ድልየትን ዘይተጸበዮ ስለዝነበረ ኣብ ዘልዕለንን ዘቐምጠንን ጠፊእዎ ኔሩ። እተን ሰልፈኛታት ደቂኣንስትዮ ንብቕዓተንን ግዲኣንን ብግቡእ ከማሓድር ከምዘይበቅዕ ምስ ተዓዘባ፣ ጉዳየን ክኣልያን፣ ነቲ ዝግበረለን ዝነበረ ድሑር ማሕሾኻታት ከወግዳን ተበግሶታት ወሰዳ። ነቲ ከም ድኹማት ፍጥረት ዝሪኣን ዝነበረ መሪሕነት፣ ካብ ሰራዊት ፈልዩ ኣብ ፍሉይ ቦታታት ናይ ሜዳ ውሻጠ ክሰርሓለን ዘርኣዮ ፈተነታት ብትሪ ተቓዊመን ናብ ሰራዊት ክምለሳ ክኢለን። ብኡንብኡ ከኣ ምስ መቓልስቲ ብጾተን ቅያታት ክሰርሓን፣ ኣብ ሕ/ሰብ ዓለም ካብ ዝተራእዩ ፍሩያት ናይ ደቂኣንስትዮ ጅግንነት ዝልለ ታሪኽ ከምዝግባን በቒዐን።

ብረታዊ ቃልሲ እናተናወሐ ምስከደ፣ ውድባት ኤርትራ ብሃገራዊ ጸዋዒት መንእሰያት ኣብ ዘሰልፈሉ ዝነበረ እዋን፣ ጾታ ከይፈለየ ንኩሉ መንእሰይ ጸዊዑ ንምሉእ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ስለዝተጠቕመሉ፣ ንዝተናውሐ ቃልሲ ኣብ ዓወት ከብጽሖ ክኢሉ። ባዕ ዳዊ መግዛእቲ ብልዕለ-ሓያላን ሃገራት ዝተኻዕወሉ ኩሉ ዓይነት ዘመናዊ ኣጽዋር ንሰውራ ኤርትራ ከጥፍእ ዘይፈትኖ ኣይነበረን። ኣብቲ ክቢድ ወታሃደራዊ ጥምጥም ኣብ ቅድመ-ግምባር ጅግንነት ጓልኣንስተይቲ ትኣምራታዊ እዩ ኔሩ። ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ሓርነታዊ ውግኣት ዓለም ተሳቲፎ ደቂኣንስትዮ ዝነበረኒ እንተኾነ፣ ብደረጃ ዕብየትን ስፍሓትን ናይቲ ውግእን፣ ዝተኸፍለ መስዋእትን ክዕቀን እንከሎ፣ ናይ ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ጅግንነት፣ ኣብ ምዝዛም ሓርነታዊ ውግእን ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ዝያዳ ሓለፋ ኣለዎ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ተመኩሮ ደቂኣንስትዮ ዓለም ዛጊት መዘና የብሉን።

ነ.ኤ.፡- ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ኩነታት ደቂኣንስትዮ ኤርትራ እንታይ ለውጢ ተራእዩ? ክንድቲ ዝተቓለሰኦን ዝተሰወኣኦንዶ ተኻሒሰን?

ወይ/ሮ ማና፡- ሓርበይኛታት ደቂኣንስትዮ ከቢድ መስዋእቲ ከፊለን ዘረጋገጽኦ ነጻነት፣ ግቡእ ብጽሒተን ረኺበንዶ፣ ዓስቢ ቃልሰን ዓወተን ዝኾነ ነጻነት ኤርትራ ንረብሓ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮን ውዒሉ'ዶ፣ ንዝብል ሕቶ ክንምልስ እንተኾይኑ፣ እቲ መልሲ ሓጺርን ንጹርን- ብጽሒተን ኣይረኸባን፣ ነጻነት ኤርትራ ገና ንረብሓአንን ንረብሓ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራን ኣይወዓለን።

ኣብ ቃልሲ ተሞኩረን ዝተዓጸጸፈ ብቕዓትን፣ ዓቢ ነብሰ-ምትእምማን ኣጥርየን፣ ብዓወት ካብ ሜዳ ነጻነት ሒዘን ዝኣተዋ ሓርበኛታት፣ ድሕሪ ነጻነት ከይወዓላ ከይሓደራ ተረሲዐን። ጅግንነታዊ ተመኩሮአን ሃብትን ጸጋን ሃገር ክነሱ፣ ከም ድኹም ጎኒ ተወሲዱ፣ ነታ ኣብ ሜዳ ምስ ኩሉ ከርተት ዘጣየስኣ ሓዳር ከይተረፈ ብዙሓት ከሲረንኣ። ካብ ዝለዓሉ ሰበ-ስልጣንን ሓለፍትን ጀሚሩ ክሳብ ተራ ኣባላት ከይተረፉ ካብ ሰብኣዊ ሓላፍነት ክሃድሙን ንተመላኸነት ክጥዕ መሎምን ክነጽግወንን ምስ ቆሉዑተን ኣብ ጽንኩር ሂወት ኣብ ጎልጎል ክርሕርሕወንን ተራእዮም።

እቲ ኣብ ስልጣን ዝደየበ ጉጅለ ከም ኣመሉ፣ ንብቕዓት ተጋደልቲ በብመድረኹ ተጠቒሙ ዝድርብዮ፣ ንደቂኣንስትዮ ኤርትራ ከኣ ክሳብ ነጻነት ብዝለዓለ ተጠቒሙ ድሕሪ ነጻነት ግን ንብቑዕ ሸነኸን ኣብ ትሕቲ እግሩ ብምርጋጽ፣ ንመላእ ሕ/ሰብ ብሓፈሻ፣ ንደቂኣንስትዮ ከኣ ብፍላይ ኣብ ጸልማት ጭቆና ደርቢዩወን። ንክብረንን መሰልንን ዝጣበቕን ዝከላኸልን ነጻ ሃገራዊ ትካላት ከም ዘይህልወን ጌሩ፣ በቲ ንረብሓ ጉጅልኡ ጠፋጢፉ ዘቖሞ “ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ” ዝስሙ ጸረ-ደቂኣንስትዮ ህግደፋዊ ትካል መደልደሊ ስልጣኑን መአከቢ ገንዘብን ጌሩወን።። ካብተን ደቂኣንስትዮ ናይ “ፍትሒ” ዝስሙ ናይ መዳጎኒን

ማእሰርትን ሚኒስትሪ፥ ክምኡ'ውን ናይ "ዕዮ" ዝስሙ ናይ ግዱድ ወፍሪን ማሕዩርን ሚኒስትሪ ብደቂኣንስትዮ ከም ዝምራሕ ኣምሲሉ፥ ንደቂኣንስትዮ ንምልካዊ ስልጣኑ መገልገሊ ይጥቀመለን ኣሎ።

**ነ.ኤ.፥** ድሕሪ'ቲ ናይ 1998-2000 ዓ.ም. ውግእ ኩነታት ድቂኣንስትዮ ከመይ ኣሎ? እቲ ውግእን ድሕሪኡ ዝቐጸለ ሃለዋትን ከመይ ተንኪፉወን?

**ወይ/ሮ ማና፥** ኤርትራዊት ኣደ ከቢድ መስዋእቲ ከፊላ ነጻነት ክተምጽእ እንከላ፥ ሰላምን ቅሳነትን፥ ራህዋን ፍትሕን ረኺባ ውላዳ ክተዕቢን ክተምህርን፥ ውላዳ ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሓ ክትልእኽን፥ ደቂ-ደቃ ክትርእን እዩ ኔሩ ትጽቢታ። እቲ ዝረኸበቶ ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ። ዳግም ኣብ ውግኣትን ምድላው ውግኣትን ክርተትን ኣትያ። ድሕሪ ነጻነት ብህግደፍ ካብ ዝተተኸለ ዓቢ መደብ- ሳዋ እያ። ብርግጽ ጉዳይ ሃገራዊ ጽጥታን ድሕነትን ቀዳምነት ከም ዝውሃቦ ዘካትዕ ኣይኮነን። ሃገራዊ ድሕነት ብዝደቐቐ መጽናዕቲ ንኹሉ ትሕዝቶኻን ዓቕምኻን ጠርኒፍካን ኣማዕቢልካን ምስ ዝካየድ ጥራሕ'ዩ ክዕወት ዝኽእል። ምስ ናይ ሃገር ኩሉሽነኻዊ ናይ ምዕባለ መደብ ዘይተተሓሓዘ፥ ኩሉሽነኻዊ መጽናዕቲ ዘይተገብሮ፥ ንሂወታዊ ዓቕምኻ ነጺልካን ዳጉንካን ዝካየድ መደባት ውሕስነት ዘለዎ ጸጥታን ድሕነትን ከምጽእ ኣይክእልን'ዩ። መደብ ሳዋ እምበኣር፥ ብጉጅለ ህግደፍ ዝተሃንደሰ ኣብ ጉጅላዊ ዝንኡን ዊንትኡን ዝተመርኮሰ መደብ ከም ምኻኑ መጠን፥ ንዳርጋ ምሉእ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ግዱድ ኣገልግሎትን ወተሃደራዊ ሂወትን ቆሪንዎ ይርከብ።

ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ በዚ መደብ'ዚ ቀንዲ ተጠቃዒት ኮይና። ኣዴታት ደቀን ስኢነን፥ ቆልዑ ወለዶም ስኢኖም፥ መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ከኣ ኣብ ዘይፈልጥኦ ሓድሽ ባርነት ተደርብየን። ኤርትራዊት መንእሰይ ግርማኣን ትሕዝቶኣን ኣብ ክንዲ ንምዕባሌኣ ተውዕሎ፥ ኣደዳ ግህሰትን ዓመጽን ኮይና። ዝከላኸለላ ነጻ ትካላት ስለዘይብላ ኣብ ትሕቲ ዊንታን ድሌትን ሰብኣውነቶም ዘጥፍኡ ወተሃደራዊ ኣዘዝቲን ዘወርቶምን ተረጊጻ ትነብር ኣላ። ነታ ናይ ሕ/ሰብን ዘለዓለማዊ መጻኢኡን ወላድን ፈራይትን ዝኾነት ጓልኣንስተይቲ ንግዜኡ ተጠቒምካ ትድርበ ጌርማ።

ታሪኽ ኤርትራዊ ሕ/ሰብ ምልስ ኢልና ምስ እንርኢ፥ ጀጋኑ ኣቦታትና ከም እኒ ደግያት ባህታ ሓጎስን ልጅ ካሕሱን. . ወዘተ፥ መግዛእቲ ጥልያን ንክብሪ ኤርትራዊ ወለዶታትን መንነትን ንምፍራስ ብዘይምጻእ ምስ መጸም፥ ንኽብሪን መሰልን ኤርትራውያን ብሓፈሻ፥ ንኽብሪን መሰልን ኤርትራዊት ከኣ ብፍላይ መስዋእቲ ከፊሎም ነቲ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ናብ ኢጣልያ ተወሲደን ክዳቐላን መጻወቲ ባዕዲ ክኾናን ዝነበረ ሓደገኛ መግዛእታዊ መደብ ኣፍሺሎሞ። ንመሰልን ክብሪን ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ክጭፍልቕን ንድሕሪት ክንትትን ዝፍትን ዝኾነ ስርዓት ደኹን ውድባት ከኣ ፈሺሊ'ዩ።

**ነ.ኤ.፥** ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካእ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ግደን ቦታን ደቂኣንስትዮ ከመይ ኣሎ? እቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝተፈጥረ ብኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዝፍለጥ ምትእኽኻብ'ከ ንግደን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ሒዙዎ'ሎ?

**ወይ/ሮ ማና፥-** ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝመለስኩዎ፥ ሓርበኛዊት ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ሃገራዊ ቅያታት ሰሪሓ፥ ልዑላውነትን ነጻነትን ሃገር ኣረጋጊጻ። ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ተወሳኺት ወይ መመላእታ ዘይኮነትስ ወሳኒ ሃገራዊ ዓቕምን ሓይልን ምዃና ካብ ኤርትራ ሓሊፉ ንመላእ ዓለም ዓቢ ኣብነት እያ ኮይና።

ነቲ ተሪፉ ዘሎ ዕማም ምርግጋጽ ምሉእ ሓርነትን ዲሞክራሲን ህዝቢ ኤርትራን ህንጻት ሃገርን ኣብ ምስልሳል፥ ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ወሳኒ ግደ ተበርክት ኣላ። ብመስዋእቲ ጓልኣንስተይቲ ዓቢ ሰውራዊ መኽሰባትን፥ ሰፊሕ ሃገራዊ ንቕሓትን፥ ድልዱል ተግባራዊ ዓቕምን ተረጋጊጹ። ህዝቢ ኤርትራ ስኒቱን ሓድነቱን ልዕሊ ሃይማኖት ቀቢላታት ኣውራጃታት ንሃገር ዝጠመተ ስለዝኾነ እዩ ንኹሉ ናይ ሓያላን ዓለማዊ ውዲታትን ክስዕር ዝኸኣለ።

ናብ ሕቶኻ ክምለስ፥ እዞም ነብሶም "ኪዳን" ኢሎም ብተቓውሞ ዝጽውዑ፥ ብሓቂዶ ተቓውሞ ናይ ህግደፍ እዮም? ወይስ ስልጣን ስጋዕ ዝሕዙ እዮም ኣንጻር ምልኪ ንቃለስ ኣለና ዝብሉ ዘለው? በቲ ሒዞሞ ዘለው መደባትን ዕላማታትን ግን፥ ኣንጻር ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን፥ ኣንጻር ልዑላውነት ሃገር ኤርትራን፥ ኣንጻር መሰለን ሓርነትን ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ተላዒሎም ኣለው። ኣብ ቅድሚ እታ ብመስዋእቲ ደቃ ልዑላውነታ ዘረጋገጸት ኤርትራን ሰፊሕ ህዝባን ከይተበገሰ ዝፈሸለ ፈተነ እዩ። ትማሊ ትማሊ ኣብቲ ኣነን ንሽኻን ዝነበርናሉ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ፥ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ፥ ሓረስታይ፥ ሸቃላይ፥ መንእሰይ፥ ጓልኣንስተይቲ ብሓድነት ተሰዊኡ ዘምጽኣ ሃገር፥ ግምጥል ኢሎም ብሃይማኖት ብቐቢላ ክላዓሉ ምፍታኖም፥ ንዘመናዊት ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ተጸባኢታ ምዃኖም እዩ ዘርኢ። እቲ ዘገርም፥ መብዛሕትኦም መራሕቲ ናይ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ፥ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ኣብ ዓውዲ

ውግእ እናተሰውኣ ከለዋ፥ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ግላዊ ትምህርታዊ መኣዲ ዝነብሩ እዮም። ነቲ ብጓልኣንስተይቲ ዝመጸ ነጻነት ካብኣ መንጢሎም፥ ንጓልኣንስተይቲ ክግዝኡሉ ሃተምተም ክብሉ ዓቢ ድፍረት እዩ።

ከም ጠንቂ መለዓዓሊኦም ዝቐርብ፥ ብሰንኪ ህግደፍ እዮም ተፈጢሮም ዝበሃል ዘረባ ኣሎ። ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ዘውርዶ ግፍዕታት፥ ንህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ከደልድሎን፥ ንዝወረዶ ግፍዕታት ብዝቐልጠፈ ንምውጋድ ክጽዕርን ድኣሉ ዝድርኾ እምበር፥ ካብ ተበደልኩስ መቓቕሉኒ ቆራርጹኒ ዝብል ህዝቢ ኣይተራእየን። እቶም ሓደ ህዝቢ ኣይኮንካን፥ ገሊኻን ንደቡብ ምስ ኢትዮጲያ፥ ገሊኻ ንምዕራብ ምስ ሱዳን ክትምቀል ኣለካ ኢሎም፥ ባዕዳውያን ግዝኣቶም ንምስፍሕፋሕ ዝገበርዎ ውዲታዊ ናይ ምምቕቓል ፈተነታት፥ ኣብቲ ጸልማት ናይ መግዛእቲ እዋን በዲሁ ሓድነቱ ዘረጋገጸ ህዝቢ፥ ድሕሪ መሪርን ንዊሕን መስዋእቲ ኣብ ነጻነት በጺሑ እዩ። ነቲ ተሪፉዎ ዘሎ ዕማማት ዲሞክራሲን ህንጸት-ሃገርን ብሓድነት ክዐውቶ ከኣ ምሉእ ዓቕሚ ኣለዎ።

እቲ ንጹር ክኽውን ዘለዎ፥ ኤርትራዊ ብዙሕነታዊ ኣቃውማ ዝፈጠሮ ቀስተደበናዊ ሕብርታት፥ ናይ ስምርቲ ዘመናዊት ኤርትራ ዓቢ መለለዪ ድኣምበር ናይ ኣህጉራዊ ጥሩፍነት ወይ ናይ ጎረባብቲ ፖለቲካዊ ፕሮጀክት ክኸውን ኣይግባእን። ኣብ ኪዳንን ከባቢኡን ዝረአ ዘሎ ኩነታት ምስ እንዕዘብ፥ ብኣህጉራዊ ጥሩፍነት ዝተደረኸ፥ ንዘመናዊት ኤርትራን ሓድነታን ምዕባለኣን ዝጻረር- ምድውዋስ ሃይማኖትን ፖለቲካን ከም ቀንዲ ዕላምኡ ጌሩ ዝወሰደ ፖለቲካዊ ምትእኽኻባት፥ ንዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፥ ንዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ከኣ ብፍላይ ይብክያ ኣሎ።

እዚ ብ"ኪዳን" ዝፍለጥ ምትእኽኻብ፥ ንኹሉ'ቲ ዝተገብረሉ ሃገራዊን ዲሞክራሲያውን መጸዋዕታን ምትብባዕን ነጺጉ፥ ንህግደፍ ብዝኸፍአ ዝተመቓቐለ ንዘመናውነትን ማዕረ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮን ዝነጽግ ሃይማኖታውን ቀቢላውን ምልኪ ክትክእ ኣዊጁ ኣሎ። ሃይማኖታዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ንውጹዕ ኤርትራዊ ብሓፈሻ፥ ንውጽዕቲ ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ከኣ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ኣባታዊ "ግዝኣተ-ሃይማኖት" ናብ ምልኪ ምእታውን፥ ንኹሉ እቲ ብኤርትራዊ ሓረስታይን፥ ሰራሕተይኛን፥ ሰብ-ሞያን፥ ጓልኣንስተይትን ዝተሃንጸ ሃገራዊ ዘመናዊ ክብርታት ምጉሓፍን ማለት'ዩ። ኤርትራ'ኮ ውጽኢት መስዋእቲ ጓልኣንስተይቲ እያ። እዚ ዘለናዮ ዘመን እኮ፥ ዘመናውነት ዝሰፈነሉ ናይ ሓርነትን ማዕርነትን ዘመን'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ናይ ሸሪዓን ቀቢላን ሕቶታት ምልዓል፥ ንተጋዳሊት ጓልኣንስተይቲ ምሕጫጭን ድፍረትን እዩ።

እዚ ምኽኑ እናፈለጡ፥ ኣቐዲሞም ዋላ ፋሕ ንበል እምበር ብፍጹም ኣይንቕበሎን ኢና ክብሉ ዝጸንሑ፥ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ መደብ-ዕዮ ኣለና ዝብሉ ናይ ተቓውሞ ውድባት ነዚ ሸሪዓን ቀቢላን ዝማእከሉ ፖለቲካዊ መደብዕዮ "ኪዳን" ብኸመይ ተቐቢሎሞ?

"መትከልና መለለይና"፥ "ሃይማኖትን ፖለቲካን ብፍጹም ክተሓዋወስ የብሉን"፥ "ዓንቀጽ ሰለስተን ኣርባዕተን ካብ ቻርተር ምስ ዘየልግስ ናብ ሃገራዊ ምሕዝነት ክንምለስ ኣይንኽእልን"፥ . . . ወዘተ እናበሉ ኣእዛና ከጽምሙና ዝጸንሑ፥ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ መደብ-ዕዮ ኣለና ዝብሉ ውድባት፥ ንመትከሎምን መደብዕዮኦምን ኣበይ ደርብዮሞ?

እቲ ዝብልዎ፥ "እንካን ሃባን ክህሉ ኣለዎ"፥ "ሰኽፍታና ዕቀቤናን ኣመዝጊብና"፥ ዝብል ምስምስ እንተኾይኑ፥ እንካን ሃባን ኣብ እንታይ? ኣብ ንሃገራዊ ዓንድታት ዘናግዕ ንመላእ ሕ/ሰ ይኹን ንጓልኣንስተይቲ ከም ግዝእትን ኣገልጋሊትን ንኽትከውን ዘገድድ ስርዓት፥ ከም ዘይቅበልዎ ኣብ መደብዕዮታቶም ከም መሰረታዊ መትከላቶም ኣጽዲቖም ክውድብሉን ክንቓቕሕሉን ክንደይ ዓመታት ጸኒሖም ከብቅዑ፥ ኣብ ወርሓት ጥሪ-መጋቢት 2005 ዓ.ም. ኣብ ካርቱም እንታይ ስለዝረኣዩ ጠሊሞሞ? ነቲ ኣሽሓት ጀጋኑ ዝተሰውኡሉ ሃገራዊ ዘመናዊ ዲሞክራሲያዊ መኽሰባት ኣብ ካርቱም ኣብ ኣዳራሽ ኣልዙበይር- ንመን ኣረኪቦሞ?

መሰረታትን ኣባላትን ናይ'ቲ ሃገራዊ ውድባት ብሓፈሻ፥ ተቓለስቲ ደቂኣንስትዮ ከኣ ብፍላይ፥ ግዜ ከይወሰዱ ንዝተቓለሰሉ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ መኽሰባት ከድሕኑ ኤርትራን ህዝባን ይጽውዖም ኣሎ።

<u>ነ.ኤ.፥-</u> እቲ ፍታሕ እንታይ'ዩ ትብሊ? እንታይ'ከ ክግበር ኣለዎ?

<u>ወይ/ሮ ማና፥-</u> ነዚ ከጋጥመና ዝጸንሐን ዘጋጥመና ዘሎን፥ ገና ንመጻኢ እውን ሰሪቡ ዘሎ ዝተሓላለኸ ሽግራት ክንፈትሕን ሃገር ኣብ ምድሓን ግደና ክነበርክትን ከም ቀደምና እቲ ሓላፍነት ሕጂውን ንደቂኣንስትዮ እያ ትጸበ ዘላ። ኣብ ኩሉ ኩርናዕ እንርከብ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ፥ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ስደት፥ ኣብ ሰልፊ ዝጸናሓና ንኹን ዘይጸናሕና፥ መታሕትና ከበሳና፥ ምሁራትና ምኩራትና፥ ዓበይትና ንኣሽቱና ብሙሉኣትና ምስ

እንለዓልን እንጥርነፍን፣ ኾሉም ጸቐጥትናን ጸላእትናን በዲህና፣ ሰላም ፍትሒ ማዕርነትን ዲሞክራስን ዝሰፈና ስልጥንትን ዘመናዊትን ኤርትራ ክነረጋግጽ ንኽእል ኢና። እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ይኹን እዚ ብኪዳን ዝፍለጥ ተቓውሞ፣ ክልቲኡ ኣብ ምጽቃጥናን ኣብ ምርጋጽናን ዝተዋፈረ ስለዝኾነ፣ ተበግሶ ብምውሳድ ነቲ ጀጋኑ ስውኣት ዝገደፉልና ሕድሪ ክነዐውት ንበገስ። ከም ቀዳማይ ስጉምቲ፣

1. ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ እንርክብ፣ ንጉዳይና ዝጣበቕ ነጻ ትካላት ንምቛም ዝነጥፍ ምጽናዕቲ ንምግባር ናይ ደቂኣንስትዮ ናይ መጽናዕቲ ትካል ምቛም።
2. ኣብ ሰልፊ ዝነበራ ይኹን ዘይነበራ ምኩራትን ምሁራትን ደቂኣንስትዮ፣ ፖለቲካዊ ዕዳጋታት ህግደፍን ኪዳንን ዝሰገረ ነጻ ምትእስሳር ምፍጣርን ምድልዳልን።
3. ምስ ዝተፈላለያ ነጻ ናይ ደቂኣንስትዮ ማሕበራት ምርኻብን፣ ኣብ ህንጸት ሃገርን፣ ምዕዋት ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ተመኩሮ ደቂኣንስትዮ ምጽናዕ።
4. እተን ኣብ ወጻኢ ተወሊደን ዝዓበያ ደቂ ኣንስትዮ መንእሰያት ደቕና፣ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ዕድል ስለዝረኸባን ትካላዊ ንቕሓት ስለዘለወንን ዕዙዝ ኣበርክቶ ከወፍያ ይኽእላ እየን ዝብል እምነት ኣለኒ። ስለዚ ሃገራዊ ጉዳየን ከለልያን፣ ሕድሪ ኣዴታተንን ህዝበንን ንኽቕበላን ግዲአን ንኸገብራን ምትብባዕን ምስታፍን።

እዚ መባእታዊ ይኹን ካብኡ ዝዓቢ ቁምነገር ንምግባር፣ እታ ቀዳመይቲ ስጉምቲ ካብ ቀይዲ ማሕለኻታት ፖለቲካዊ ዕዳጋታት እቲ ስርዓትን ኪዳንን ነጻ ኮይና ምስ እንተኣሳሰር ጥራሕ እዩ።

<u>ነ.ኤ.፥</u>- ደቂኣንስትዮ ኤርትራውያን ኣብ ስደትን ጉዕ ዝኡን ከመይ ዝበለ ጸገማት ኣጋጢምወን? ማለት ካብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ?

<u>ወይ/ሮ ማና፥-</u> መግዛእቲ ንሰላማዊ ሂወት ናይ ኤርትራ ክዘርጎ እንከሎ፣ ሃገርን ህዝብን ንምጥፋእ ንነብሲ ወከፍ ስድራቤት እዩ ክብትና ጀሚሩ። ኣብ እታ ኣደ ዝማእከላ ምውቕቲ ዝነበረት ስድራቤትና ምስ እንርኢ፣ እዴታትና ከፍርያ፣ ክወልዳ፣ ክሕብሕባ፣ ክዕብያ ተጉላባነት የብለንን። ኩሉ ዓቕመን ጸንቂቐን፣ ጨቐቕ ኢለን ክዕብያን ክከናኸናን ከለዋ፣ ወሊደን ኣምሂረን ክልእካ ክሓልፈለን እዩ ኔሩ ትጽቢተን። ብሰንኪ መግዛእቲ ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ፣ ዝተወልደ መንእሰይ ንብረኻ ውሒዙ፣ ኣብ ስድራቤት ህላወ መንእሰይ ጠፊኡ። መንእሰያት ደቀን ገሊኦም ክእሰሩን ክቕተሉን፣ ገሊኦም ንሜዳ ክሰለፉ፣ ገሊኦም ንስደት ክኸዱ ስለዝተገደዱ፣ ቃንዛ ናይ ኣዴታት ኣዝዩ መሪር'ዩ።

ምረትን ቃንዛን ወላዲት ንምጽንናዕን፣ ንስድራቤታ ንምሕጋዝን ሓላፍነት ትስከም ጓልኣንስተይቲ እያ። ወላ'ኳ ኩልና ኤርትራውያን ግዳሳት እንተኾንና፣ ንስድራቤት ብዝምልከት ጓልኣንስተይቲ ኣዝያ ውፍይቲ ስለዝኾነት፣ ብኹሉ ዓቕማ መነባብሮ ስድራቤታ ንምምሕያሽ ድቃስ የብላን። ካብ እዋን ንእስነታ እቲ ባህሊ ምእዝዛዝቲን ወፍይትን ክትከውን ከምዘለዋ ጌሩ ይዕብያ። ዓቕሚ ሂዋን ትብጻሕ ኣይትብጻሕ ኩነታት መግዛእቲ ተወሳኺ ጸገም ተደሪቡዋ፣ ዝምርዓዋ ይብላ፣ ናይ ትምህርቲ ዕድል የብላ፣ ስራሕ የብላ ትኽውን። ስድራቤታ ከተጸናንዕን ክትሕግዝን ከይፈተወት ስደት ትመርጽ። ካብ'ታ ዝተበገሰትላ ጀሚራ ኣታ ሽግር ምስኣ ትስዕብ። ኩሉ በላዒኣ ይኸውን፣ ኩሉ ነናቱ ብጽሒቱ ቅንጣብ ይወሰድ። ካብ እቶም ናብ ስደት ከሕልፉ ዝኳናተሩ ጀሚርካ፣ ኣብ መንገዲ ዘጓንፍ ጸገማትን ከትርን፣ ብውድባት ምስ ትተሓዝ ዘጓንፍ ጸገማትን፣ ኣብ ጎረቤት ሃገር ብፖሊስ ይኹን ዝኾነ ጋሻ ም኿ና ዝፈለጡ፣ ኩሎም ነናቶም ቅንጣብ ይወስዱ።

ድሕሪ'ዚ መብዛሕትኣን ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ከቢድ ጉልበታዊ ስራሕ ይዋፈራ፣ ውሑዳት ዕድል ዝገበራ ገሊኣን ንማእከላይ ምብራቕ፣ ገሊኣን ንኤውሮጳ ኣሜሪካ ፋሕ ይብላ። እተን ንማእከላይ ምብራቕ ዝኸዳ፣ ኣብ ዝኸፍአ ኣብ ተባዕታዊ ጽቕጠት ዝተሰረተ ሃይማኖታዊ ስርዓታት፣ ናይ ሞራልን ሕልናን ጽቕጠት ዝመለኦ ከርተት፣ ነታ ገዲፈንኣ ዝመጻ ስድራቤት ጨቐቕ እንዳበላ ይሕግዛ። ነቲ ውድባትን ንሰውራን ካብ ኩሉ ንላዕሊ ደገፍቱ ንሳተን እየን። ሰዊት ዕድሚኣን ኣብኡ ይሓልፍ፣ ዝመሃራሉ፣ ሓዳር ዝገብራሉ፣ ዝወልዳሉ ግዜ ኣብ ስደትን ከርተትን ይቃጸል። እተን ንኤውሮጳን ኣሜሪካን ዝመጻ ወላ'ኳ ዝሓሸ ናይ ስራሕን ትምህርትን ዕድል እንተረኸባ፣ ቀልበንን ልበንን ኣብ ስድራቤተንን ህዝበንን ስለዘሎ፣ ነቲ ብድሕሪኣን ዝገደፍኦ ጸገማት ክፈትሓ ጉልበተንን ግዜአንን ይስውኣ። ኣብ ጉልበታዊ ዝተሓተ ስርሓት ከርተት እናበላ፣ ሓላፍነት ናይ ስድራን ሰውራን ሃገርን ይስከማ። ንነብሰን ኣብ ዓሰርት ነገራት እንዳመጠጣ፣ ክመሃራ ሓዳር ክገብራ ክወልዳ ይጽዕራ። እቲ ገለ ይዕወታሉ እቲ ገለ ከኣ ይቦኩር። ብሳላ'ቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ጻዕረንን

ተብጃውነተንን ከኣ ስድራቤት ኤርትራን ሰውራ ኤርትራን ሃገር ኤርትራን ጽንኩር መድረኻት ክሰግር ይኽእል ኣሎ።